# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.71 | ቀዳም 22 ሕዳር 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሃይፓትያ ዓል ኣለክሳንድርያ



ገጽ 5
ዘይንስኽ ምምሳል



ገጽ 9
ጂኦፖለቲካዊ ርክሳ



ገጽ 11
መኸፈቲ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ተሰጊሩ


## ኣብ ኣስመራ፡ ዓውደ-ዘተ ‘ኣገባባት ምድላው ጸብጻብ ሰብኣዊ መሰላት’ ተቓኒዑ




ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ምስ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ካብ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን ሃገራውያን ማሕበራትን ዝተዋጽኡ 39 ሞያውያን ዝተሳተፍዎ፡ ኣብ ኣገባብ ምድላው ጸብጻብ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ፡ ካብ 18 ክሳብ 20 ሕዳር ኣብ ኣስመራ ፓላስ ኣቃኒዑ።



ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ

እቲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ብዘዋፈዩ ክኢላታትን ኤርትራውያን ሞያውያንን ዝተመርሐ ዓውደ-ዘተ፡ ሓፈሻዊ ግሎባዊ ኣቃውማ ሰብኣዊ መሰላት፣ መረዳእታ ኣገባባት ሰብኣዊ መሰላት፣ ኤርትራ ኣብ'ዚ ጉዳይ ዘለዋ መትከላዊ መርገጺታት፣ ኣህጉራውን ዞባውን ግዴታታትን ተመኩሮ ኤርትራን ብምትእስሳር፡ ምስ ዝተፈላለየ ውዕላት ሰብኣዊ መሰላት ተኣሳሲሮም ዝቐርቡ ጸብጻባት ኤርትራ ብግቡእ ንምድላው ዝዓለመ'ዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምርምርን ሓበሬታን ኣምባሳደር ነጋሲ ሰንጋል ኣብ ዘስመዐ ቃል፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ሓበራዊ መረዳእታን እኩብ ሓበሬታን ንምውሃሃድ፡ ትካላዊ ኣገባባት ትግባረ ንምሕያል፡ ቴክኒካዊ ዓቕሚ ንምምሕያሽ፡ ኣብ መንጎ ሚኒስትሪታትን መሻርኽትን ዘሎ ምትሕብባር ንምምዕባል፡ ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ኣብ መጻኢ ዝቐርብ ጸብጻባት ግቡእ መምዘኒታት ዝሓለወ፡ ኣብ መርትዖ ዝተመርከሰ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ባይታ ዝምዝገብ ዘሎ ኩነታትን ክውንነትን ኤርትራ ንምንጽባራቕ ሓጋዚ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ - ብወካሊ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ዳይረክተር ቤት-ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላትን ክፍሊ ኣገባባት ውዕልን ሚስተር ማሆማ ሰሱገሮ ድማ - ብግዳም፡ እቲ ዓውደ-ዘተ - ሸቶታት ዘላቒ ልምዓት ንምስግጋር ኤርትራን መሻርኽታን ምስ ዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕርታት ከምዝሰነ ብምጥቃስ፡ ናይ ስራሕ ዝምድና ዘደልድልን ንዘለዓለ ዕማም ዝድርኽን ምዃኑ ኣዘኻኺሮም።




ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዳይረክተር ጨንፈር ኣህጉራውያን ውድባት ወ/ሮ ኤልሳ ሃይለን ወኪል ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ሜሪ ስተፈንን ኣብ ዝሃብኦ መዛዘሚ ቃል፡ ዓቕሚ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ዘዕቢ ሽርክነታዊ ዝምድናታት ኣገዳስነቱ ተረጋጊጹ ብዘለዓለ ክድፍኣሉ ተላብዮን።

## ዓለማዊ መዓልቲ ዓይኒ-ምድሪ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ እምባደርሆ ተዘኪሩ

19 ሕዳር - ዓለማዊ መዓልቲ ዓይኒ ምድሪ፡ “ዓይኒ-ምድሪ ማዕረ መዝሰሪ ቤትና ንሰርሓሉ” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ - ምምሕዳር ከባቢ እምባደርሆ ተዘኪሩ።

ብ20 ሕዳር ኣብ ዝተቓነየ ስነስርዓት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን፡ ዓይኒ-ምድሪ ጥዕና ሕብረተሰብ ኣብ ምውሓስ ኣገዳሲ ትሕተ-ቅርጺ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ጽሬትን ንጽህናን ኣቶ ኣብርሃም ምላሽ ብወገኑ፡ ናይ 2030 ዓለማዊ መርሓ ዘላቒ ሸቶታት ምዕባለ ንምስግጋር፡ ተሪፊን ዘለዋ ዕድታት ከርክብ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ጉብረመስቀል ድማ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ካብ 2008 ጀሚሩ ሰፊሕ ኸዃስ ክቶቶድ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ከምዝርከብ ገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕናን ማሕበር ሓኪይም ኤርትራን ዝተወከሉ ሞያውያን፡ ሓብራዊ ዘተ ኣካዪዶም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ - 20 ሕዳር - ዓለማዊ መዓልቲ ህጻናት፡ “ብሉጻት ቁልዑ መርኣያ ውሕሉል ናብዮት ወለዲ” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዓሰብ ተዘኪሩ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብስልፊ ተመሃሮ ቅድመ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን መሰናድኣታት



ደሚቑ ነይሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ የሲፍ ፍስሃየ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እታ ዕለት ብደረጃ ዓለም ንመበል 67፣ ብደረጃ ሃገርና ድማ ንመበል 34 ግዜ ትዝከር ከምዘላ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ቁልዑ ብኩሉ መዳይ ጥዑያትን ብቑዓትን ኮይኖም ንኸዓብዩ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ውጽኢቱ እናደመቐ ይመጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ተራ ወለድን ሕብረተሰብን ክዕዘዝ ተላቢዩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ሓመድ ዓሊ ሰሮ ብወገኑ፡ ህጻናት ተረከብቲ ሃገርን ሕድሪን ስለዝኾኑ፡ ቅኑዕ ማእዘንን ስነ-ምግባርን ሒዞም ንኽዓብዩ፡ ተራ ወለዲ፡ መምህራን፡ ኮምን ሕብረተሰብን ወሳኒ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።



ስእሊ-ዙቤር ስዒድ

# ዓንሰባ - ሃማደኤ፡ ልዕሊ 500 ደቀንስትዮ ከምዘሰልጠነ ገሊጹ



ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ደቀኣንስትዮ ብቑጠባ ነፍሰን ክኢለን ካብ ተጸባይነት ንኽገላገላ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ንልዕሊ 500 ኣባላት ዝተፈላለየሞያዊ ስልጠናታት ከምዝወሃበ ብ18ን 19ን ሕዳር ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ሓቢሩ።

እቲ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሃበሮ፡ ሓመልማሎ፡ ከረን፡ ዒላበርዕድ፡ ገለብን ዓዲተክሌዛንን ዝተዋህበ ስልጠናታት፡ ስርሓት ላኺ፡ ቅዲ ክዳን፡ ማእለሚ ሲንጀር፡ ምርባሕ ንህቢን ደርሁን፡ ከምኡ'ውን ኣሰራርሓ መኣዘዊ መግቢ ዘጠቓለለ ምዃኑ፡ ኣብ ገቦርበ ጸብጻብ ተጠቒሱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ደቀኣንስትዮ ብምሕያል ውዳበታተን ንምስፋሕ ኣብ ርእሲ ዝተኻየደ ንጥፈታት፡ ጥዕና ኣደታት ኣብ ምውሓስ፡ ከምኡ'ውን ማይን ሓመድን ኣብ ምዕቃብን ከቢያዊ ጸሬት ኣብ ምርግጋጽን ዕዉት ወፈራታት ከምዝተሰላሰለ ተሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ዘይምጥርናፍ ዓድታት ኣደኻሮ ከወሓ፡ ጸገማት መጉዓዝያ ከፍታሕ፡ ከምኡ'ውን ሽማግለ መሓዙት ሃማደኤ ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት ስራሕ ተሳትፎኦም ክሓየሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ኣምና ሓሰን ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፡ ደቀኣንስትዮ ንምምዕባለን ንቕሓተን ንምብራኽን ምስ ኩለን ዝምልከተን ብወሃደት ክሰርሓ፣ ብፍላይ ድማ ውዳበ ደቀኣንስትዮ ክድልድላ ምዃኑ ገሊጻ።

# ደቡብ - ሰፊሕ ወፍሪ ክታበት ጥሪት ተኻይዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡሳን ዞባታት ማይ-ምነን እምኒ-ሓይሊን፡ ካብ 27 ጥቅምቲ ክሳብ 17 ሕዳር ሰፊሕ ወፍሪ ክታበት ጥሪት ተኻይዱ።

እቲ ንጠሉብበዕ ኣንጻር ጉልሓይ መሳል ሕማም፣ ንኣኽሳባት ድማ ኣንጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ዝተዋህበ ክታበት፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ጥሪት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ሰብሞያ ሕርሻ ሓቢሮም።

ክኢላ ሕክምና እንስሳ ኣቶ ዓንደም በየነ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ መደብ ልዕሊ 36 ሽሕ ጠሉብበዕን ኣስታት 1,700 ኣኽሳባትን ከምእተኸትበ ብምግላጽ፡ ሳላ ዝተኻየደ እኹል ቅድመ-ምድላዋትን እናበርከቶ ዝመጸ ንቕሓት ሓረስቶትን፡ እቲ ወፍሪ ዕዉት ከምዝነበረ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ን/ዞባ ማይ-ምነ ኣቶ ያሬድ ሃብተገርግሽ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ወፍሪ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳራት ከባቢን ሓረስቶትን ዝርኣይዎ ምትሕብባር መጒሱ።

ኣብ ን/ዞባ እምኒ-ሓይሊ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ 21 ነቑጣታት ዝተኻየደ ወፍሪ ክታበት ውጽኢታዊ ከምዝነበረ ዝሓበረ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ መንግስ ጠዓመ፡ ኳ-ኳ'ቲ ክታበት ነተን ጥሪት መርመራ ደም ከምእተኻየደለን ሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም		ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ		ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ሓተታ

# ካብ ጉይይ ምዓል፡ ክሳድ ምሓዝ!

ፖለቲካውያንን ወተሃደራውያንን ሰቡስልጣን ስልፊ ብልጽግናን ናይ መናፍሕ ኣውታሮምን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብሰንኪ ባዕሎም ዝፈጠርዎ፡ ንሰላማዊ ሕውነታዊ ምንባርን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ዝዘርግን ንኣህጉራዊ ሕግን ስርዓትን ዝጥሕስን ግጉይ ትረኻ፡ ዝሕዝዎን ዝጭብጥዎን ጠፊእዎም ኣብ ሃልወሳ ኣትዮም ከምዘለዉ. ዘርኢ ሓያሎ ምልክታት ንዕዘብ ኣሎና።

ኣብ ዝተፈጥረ ኢጋጥሚታት ኮነ ባዕሎም ኢጋጥሚታት ብምፍጣር - ብዛዕባ ሃገርነት ኤርትራ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት፡ ገብጣ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ዋንነት ቀይሕ ባሕርን ወደብ ዓሰብን፡ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣዋጅ ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን 2018ን ካልእን፡ ካብ ጽውጽዋይ ዘይሓልፍ፡ ንሓድሕዱ ዝዋቓዕ፡ ብባዶ ፈኸራ ዝተሰነየ መታለሊ ዘረባታት ከሰምዑ ቀንዮም ኣለዉ።

እቲ ስርዓት ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ናብ ኩለን ኤምባሲታቱን ቈንስላቱን ዝለኣኾን ብጅምላ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘጋውሕዎን ዓማሚ መልእኽቲ፡ ናይ'ዚ ኣብነት'ዩ። እቲ መልእኽቲ፦ "እቲ ዘሕዝን፡ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ብጕጭት ዝተዓብለለ'ዩ ኲይኑ ጸኒሑ። ኣብ 2018፡ ኢትዮጵያ ነቲ ዝጸንሐ ጃላነት ምስ ኤርትራ ብምስባር፡ ናብ ዞባዊ ወሃደት ክትምለስን ኣብ ልዕለኣ ዝተበየነ እገዳታት ክለዓልን ደፊኣ። እቲ ናይ ምቅርራብ እዋን ሓጺር'ኳ እንተነበረ፡ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ብሰላም ብሓባር ክነብሩ ዝለዎም ሓያል ድሌት ግና ብንጹር ኣርእዩ'ዩ።" ይብል።

እዚ ብቐንዱ ነቲ ዲፕሎማሲያዊ ዓለም ንምድንጋር ተባሂሉ ዝተኣልመ ብምዃኑ፡ ኣንጻር'ቲ ንውሽጦም ዝቐንዐ ንኩናት ዝገስገስ ዘመተታት፡ ብልዙብ ዝበለ ቋንቋ ዝተነድቀ'ዩ። ናብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝቐንዐ - ንኣስታት ክልተ ዓመታት ብዘይምቁራጽን ብጻዕቅን ክመሓላለፍ ዝጸንሐ መልእኽቲ ግን፡ "ኢትዮጵያ ባሕሪ ዝሰኣነትሉ ኩነት ቅቡል ስለዘይኮነ፡ ኩሉ ዓቕሚታትና ናብ'ዚ ወፍሪ'ዚ ይቕናዕ!" ዝብል'ዩ።

እዚ ተዋቃዊ ዘመተታት፡ ብዘይካ ዕቡዳን ካልእ ክበሃል ስለዘይከኣል፡ "ዘረባ ኣደይ ለቱ ኣየውፍር ኣየእቱ" ኢልካ ክሕለፍ ምተኻእለ። እንተኾነ፡ ካብ ጉይይ ምዓል ክሳድ ምሓዝ ከምዝበሃል፡ ነቲ ሓቂታት ከምዘለዎ ምዝኽኻር፡ ነቲ ድሙቕ መለሰካ ምድማቕ ስለዝኾነ ኣይጽላእን።

እዞም ቅንጣብ ሕንከት ዘይብሎም ማሪታውያን ነቲ ብ9 ሓምለ 2018 ኣብ ኣስመራ ዝተኸተመ "ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን"፡ ንክንቲት ሚዛኖም መሊሱ ዘፍኩስ ቀንቀኛ ከውጽኡሉን ዘይትርጉሙ ክሁብምን ይሰምዑ'ለዉ። ስለ'ዚ፡ ነቲ ቀንዲ ሕመረቱ ደጊምካ ምዝኽኻርም ሓጋዚ'ዩ።

1. እቲ ሓሙሽተ ነጥብታት ዝሓዘ ሓባራዊ ኣዋጅ "ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን"፡ ምሉእ ክብረት ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሓድሕድ ኣብ ዝብል መሰረታዊ ዓንድታት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝተሰረተ'ዩ።

2. ዓንቀጽ 1 ናይ'ቲ ስምምዕ "ምኽታም ኩነተ ውግእ" ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምእዋጅ፡ "ምጅማር ሓድሽ መዋእል ሰላምን ምሕዝነትን" ዘበስር'ዩ። ዓንቀጻት 4ን 5ን ድማ፡ "ምሉእ ትግባረ" ናይ'ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝተዋህበ ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ኮሚሽን ዶብ ከምኡ'ውን "ሓባራዊ ጻዕሪ ክልተኣን ሃገራት ንምርግጋጽ ዞባዊ ሰላም፡ ልምዓትን ምትሕግጋዝን" ይእውጅ።

3. "ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን"፡ 16 ዓመት ድሕሪ'ቲ "ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን" ኮሚሽን ዶብ ዝመጸ'ዩ። ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት ዝጸንሐ ኩነተ ተጻብኣታት ድማ፡ ቀንዲ ጠንቁ - ስልጣን ዝሓዘ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ብዝኸተሙሉ ኣህጉራዊ ስምምዓት ንኸይግዝኡ ምሕንጋዶም፣ ከምኡ'ውን ኣውሓስቲ ዝተባህሉ ሓይልታት/ወገናት ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝሓንገደ ኣካል ቀጻዒ ስጉምቲ ዘይምውሳዶም'ዩ።

4. ዋላ'ኳ ድሕሪ ማይ ናብ በዓቲ እንተኸደ፡ ሓድሽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ 2018 ዝወሰዶ እወታውን ቅኑዕን መርገጺ፡ ኣብ ታሕሳስ 2023 ካብ'ቲ ናይ ቅድሚኡ ዝነበሩ መሰፋሕፋሕቲ ስርዓታት ዝበኣሰ ስራም ኣጀንዳ ክኽተል ምስ ጀመረ፡ እቲ ተሰፋ ሓድሽ ምዕራፍ ንዘላቒ ዞባዊ ርግኣትን ምትሕግጋዝን ኣቐልቂሉ ዝነበረ ስምምዕ ሰላም ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት፡ ብዘሕዝን ኣገባብ ተጨውዩ።

5. ስርዓት ብልጽግና ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ዘይሕጋዊ ሕቶ "ልኡላዊ መስኮት ባሕርን ምጉባጥ ዓሰብ ብሓይልን" ብምልዓል፡ ነቲ ብክቡር ዋጋ ዝተረጋገጸ ናጽነት ኤርትራ "ሕጋውነቱ ንምቅልባስ"፡ "ኣብ 1991 ንዝተጋህደ ታሪኻዊ ፍጻመ ምእራም" ዝብል ተልእኾ ኣንቂዱ፡ ንናጽነት ኤርትራን "ምሕካኽ ሃገራዊ ኤርትራዊ መንነትን" ዒላማ ኣብ ዝገበረ ጽዑቕ ተኸታታሊ ዜናዊ ዘመተ ተጸሚዱ ይርከብ።

6. ከምቲ ብቐጻሊ ክግለጽ ዝጸንሐ፡ ጠንቅን ምንጭን ናይ'ቲ ዘይተደልየን ከውገድ ዝነበሮን ምትፍናን እቲ ንሓድሽ ግጭት ዝተኻትኸ ዘሎ ሰልፊ ብልጽግና'ዩ። መቕረር-ሕዝኒ ናይዚ ዘንጸላሉ ዘሎ ቅልውላው ድማ ንጹር'ዩ። ንሱ ኸኣ፡ ኣብ መሰረታዊ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ጸኒዕካ፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ጕረቤትካ ምኽባር ጥራይ'ዩ።

# ፎሮ - ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ተሳትፎ ኮም ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ጎዳእቲ ልምድታት ብሓፈሻ፡ ምኽንኻብ ጓልኣንስተይትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ ንምውጋድ ተሳትፎ ኮም ክዓዝዝ፡ ብ15 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪቲ ከባቢ፡ ኣቦላት ባይቶ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ወከልቲ ህዝቢ 15 ምምሕዳራት ከባቢን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ሓላፊ ትካላት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ መሓሪ ቃልኣብ፡ ብዛዕባ ምኽንኻብ ጓል-ኣንስተይትን ሳዕቤናቱን፣ ነድሪ ጸላም ኩብድን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማትን ድሕሪ ምግላጽ፡ ሃገቱ ልምድታት ንምውጋድ ዝተወሃሃደ ስራሕ ክካየድ ተማሕጺኑ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ወ/ሮ ፋጡማ ዑስማን ብወገኖ፡ ክሽሞን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣብ ደቀኣንስትዮ ዘውርዶ ስነ-ኣእምሮኣውን ኣካላውን ሳዕቤን ቀሊል ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ዛጊት ዝተኻየደ ጻዕሪ ዝምስገን ወጽኢት ደርኪቦ'ኳ እንተሎ፡ ሓላሊፉ ዘጋጥም ተርእዮታት ንምግታእ ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ልዕሊ ደቀኣንስትዮ ዝወርድ ድሑር ልምዲ ብሕጊ ዘሕትት ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ፎሮ ተለንት ተኽስተ ገብረሂወት ድማ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ከምዘየናግፍ ኣጺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዓይነት ኣኼባታት ክሳብ ደረጃ ዓዲ ክወርድ፣ ከምኡ'ውን መርዓ ትሕቲ ዕድመ ንምቁጽጻር ብምምሕዳር ከባቢ ጥቡቕ ምክትታል ክግበር ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ዘርእዝጊ ሃብተማርያም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ድሑር ባህልን ጎዳኢ ልምድታትን ንምቁጽጻርን ንምግታእን ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባታት፡ ተራን ኣበርክቶን ኮም ኣገዳሲ ከምዝነበረ ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሓየለ ክድፋኣሉ ጸዊዑ።

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሃይፓትያ ጓል ኣለክሳንድርያ

መጀመርታ ንስነ ቍጽሪ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረት ጓል ኣንስተይቲ (370 - 415)

ብዙሕ ክንገብሮ እንሓስብ ነገራት ክህሉወና ይኽእል'ዩ። መዓልታዊ ክንገብሮ እንሓስቦ መደባት ሰኣን ምጅማርና ይተርፈና። ክንኰኖ እንሓስቦ ሰኣን ምብጋስና ዘይንኸዶ ግዜ ብዙሕ ኣሎ። “ጽቡቕ ምጅማር ዳርጋ ፍርቂ ስራሕ'ዩ፡” ክብሉ ንሰምዕ ኢና። ከይተጀመረ ዝፍጸም ነገር የለን። “ካብ ጽባሕ ጀሚረ መጽናዕተይ ቤላ ገይረ ክትሓሓዞ'የ፡” “ካብ ጽባሕ ንንየው እዚ ኣመል'ዚ ክገድፎ እየ፡” እናበልና ጽባሕ ክንገብሮ ብእንደልዮ ንምካሕ ወይ ንፍክር'ሞ ንጽባሓይቱ ዝረሳዕናዮ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ይህሉ ይኾውን። ክንገብሮ ንኽእል እንኽለና ካብ ምግባሩ ዘይተርፈና ይገርመና ይኸውን እዩ፣ እታ ቀዳመይቲ እትወስዳ ስጉምቲ ክንዲ ምንታይ ከባድ እያ። እቲ ክንገብሮ እንሓስቦ ኣብ ንጅምረሉ እዋን ክንልወጥ ንጅምር ኣለና ማለት'ዩ። ሎሚ ዝበዝሐ ካብቲ ክንገብሮን ክንኰኖን እንሓስቦ ነገራት፡ ኣብዛ ዓለም ኣቐዲሙ እተሰርሐ ወይ እተበጽሐ ብምዃኑ እቲ ክገጥመና ዝኽእል ተጻብኦ'ውን ኣቐዲሙ ንኻልኦት ዘጋጠመ እዩ። እቲ ፍልልይ ነቲ ዝገጥመና ተጻብኦ ንብድሃሉ መገድታት ጥራይ እዩ።

ከምቲ ብዙሕ ግዜ እተገልጸ፡ እዞም ሎሚ ብኽብሪ እንጠቕሶም መሰረት ዘንጸፉልና ስነ ፍልጠተኛታት፡ ኣብ ዕድመኦም ብሕሰረት ዘሕለፉዎ ብዙሓት ኣለዉ። እቶም ቀዳሞት ስነ ፍልጠተኛታት ብባህልን ሃይማኖትን ሕብረተሰቦም ተኸቢቦም ብምንባሮም ልዕሊ እቲ እንግምቶ ተቓውሞ፡ መግረፍቲ፡ ምንጻል፡ ማእሰርትን ካልእን ይወርዶም ነበረ። ሓድሽ ፍልጠት ሒዛ ብምቕልቃላ እተቐንጸለት ብ“ሃይፓትያ ኦፍ ኣሌክሳንድርያ” እትፍለጥ ግብጻዊት ስነፍልጠተኛ ሓንቲ ካብኦም እያ።

ሃይፓትያ ካብ 370 ክሳዕ 415 ብህይወት ዝነበረት ስነ ፍልጠተኛ ኮይና፡ ተወሊዳ ክሳብ እትመውት ኣብ ኣሌክሳንድርያ ነበረት። ኵሉ ፍልጠት ሃይፓትያ ካብ ፈላጥ ስነ ቑጽርን ፍላስፋን ኣቦኣ ታኦን ዝረኸበቶ እዩ። ኣብ 400 ዓመት ሓባራዊ መዋእል፡ ናይ ‘ፕሎቲኑስ’ ትምህርቲ ኣብ እትህብ ቤት ትምህርቲ ርእሰ መምህር ኮይና ክትዓዩ እንከላ፡ ፍልስፍናን ቍጽርን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ንፍልስፍና ‘ነኦፕላቶኒዝም’ ትምህር ነበረት። ‘ፕሎቲኑስ’ ኪንዮ እንሓስቦ ናይ መጨረሽታ ካልእ ሓቂ ከም ዘሎ ዝትንትን ኮይኑ፡ ሽቶ ናይ ህይወት



ከኣ ነዚ ዘይብጻሕ ሓቂ ንምብጻሕ ምዃኑ'ውን ዝገልጽ ነበረ። ብተወሳኺ፡ ሰባት ነቲ ካልእ ሓቅን ተርታ ምዕባለታቱን ንኽርድኡ ኣእምሮኦም ዝበቅዕ ዘይምዃኑ'ውን ይገልጽ ነበረ። ‘ኢምብሊካስ’ ከኣ ነቲ ደረጃታት ዘርኢ ትምህርቲ ነበረ። ሃይፓትያ እዚ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ወይ ኣምራት ብስነ ፍልጠታዊ መንገዲ ልዕሊ እቶም ኣቐዲሞም እተቐልቀሉ ሰዓብቲ ‘ነኦፕላቶኒዝም’ ኣርቂቓ ትምህረሉ ዝነበረት ኮይና፡ ብብዙሓት ተንተንቲ ከኣ “ካሪስማቲክ ቲቸር” ክትብሃል ከኣለት።

ሃይፓትያ፡ ኣብቲ ብሃይማኖታዊ እምነቱ ነቕ ዘይብል ህዝቢ ዝነበረሉ ዝነበረ ግዜ፡ ብዛዕባ ምስትምሃርን ስነ ፍልጠትን ኣርኣያ ኰይና ክትወጽእ ከቢድ ነበረ። ንኸም ሃይፓትያ ዝኣመሰሉ ንፍልስፍናን ስነ ፍልጠትን ዝግደሱ ሰባት “ኣረሚን” ይሰምዩዎም'ኳ እንተ ነበሩ፡ ኣብ ትሕቲ ሃይፓትያ ዝመሃሩ ዝነበሩን ክመሃሩ ዝደልዩን ክርስትያን ብዙሓት ነበሩ። ሓደ ካብኦም ጸኒሑ ኣቡን ዝኾነ ህቡብ ‘ሳይነሱስ ኦፍ ሳይረን’ እዩ ዝነበረ። ኣብ መንጎ ኣመንቲ ክርስትናን ዘይኣመንትን ዝነበረ ክርክር፡ ኵሉ ሳዕ ሃይፓትያ ትዝከርን ብዙሕ ካብ ትምህርቲታታን ብሂላታን ይልዓልን ነበረ።

ሃይፓትያ ድሕሪ ውሑድ ዓመታት በቲ ዝነበራ ጸልዋ፡ ዓሚቑ ፍልጠታ ኣብ ስነ ፍልጠት፡ እትምህሮ ትምህርትን እትፍጥሮ ዝነበረት ባይታን ንመራሕቲ ሃይማኖት ከቕስኖም ዝኽእል ብዘይ ምንባሩ፡ ብሓደ ኣማኒ ክርስትና ዝኾነ ፈላሲ ከም እትቕተል ተገብረ። ድሕሪ መስዋእታ ንስነ ፍልጠት፡ ብዙሓት ካብ ተመሃሮን ክመሃሩ ዝደልዩን ዓዲ ውዒል ብምዃኖም፡ ኣሌክሳንድርያ መሰረት ፍልጠትን ስልጣነን ካብ ምዃን ከም ዝተዓንቀጸት ይንገር።

ናይ ሃይፓትያ መበቈላዊ ዝኾነ ናይ ስነ ቍጽሪ ስርሓታ'ኳ እንተ ዘየሎ፡ ኣቦኣ ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ናይ ጂኦሜትሪ መጽናዕትታት ብዙሕ መግለጺታትን ርእይቶታትን ባዕላ ትጽሕፈሉ ነበረት። ነቲ ኣቦኣ ብፍሉይ ኣብ ‘Euclid’s Elements’ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ሓድሽ ናታ ኣጠማምታ ብምፍጣር ኣሓዲሳ ኣቕረበቶ። ነቲ ሃይፓትያ ዝዳለወቶ ጸኒሖም ተመሃሮ ኣሌክሳንድርያን ግሪኽን ካብ ካልእ መጽሓፍቲ ብዝሓሸ ብቐሊሉ ክርድኡ ዝኽእል ብምንባሩ ይፈትዉዎን ኣጥቢቖም ይጥቀምሉን ነበሩ።

ብዘይካ'ቲ ምስ ኣቦኣ ኮይና እትሰርሖ ዝነበረት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ጂኦሜትሪ ቅርጺታት (ከም ‘ኮን’)፡ ኣብ ኣርቲሜቲክን ካልኦት ናይ ስነ ፈለክ ስራሓት ቀቡላት ዝኾኑ ዝተፈላለየ ርእይቶታት ጽሒፋ። እንተኾነ፡ ዳርጋ ኵሉ ጽሑፋታ ክጠፍእ እንከሎ፡ ጽሩይ ናይ ሃይፓትያ ፍልስፍና'ውን ክጸንሕ ኣይከኣለን። ውሑዳት ኣብ ስነ ቍጽርን ስነ ፈለክን ዝገበረቶም መጽናዕትታት ግን ዝተዓቀቡ ኣለው።

ሃይፓትያ ብምእካብ፡ ምዕቃብ፡ ምምርማርን ምቅንባርን ናይ ስነ ቍጽሪ መጽንዕትታት ስም ዘትረፈት፡ ናይ መጀመርታ ንስነ ቍጽሪ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረት ጓል ኣንስተይቲ ምዃና ይንገር።

መም. ስተላ መሓረና

## ተወሰኽቲ እንዶታት ኣብ ቍጽሪ ንኽትነፍዑ

ኣብዚ እዋን ሕማቕካ ትፈልጥ እንተ ኴንካ ደጊም ሕማቕ ኣይኰንካን። ምኽንያቱ ኣብዚ ዓለም ከም ናትካ ዝበለ ድኻም ዘሎዎ ሰብ ብዙሕ እዩ። ንእኡ ዝኸውን ዝተፈላለየ ምኽሪ ድማ ብቐሊሉ ክርከብ ይከኣል። ንስኻ እታ ዘላትካ ንእሽተይ ትኹን ዓባይ ዓቕሚ ንሕጽረታትካ ወይ ድኻማትካ ኣለሊኻ ምፍላጥ እያ። ነዚኣ ክትገብር እንተ ክኢልካ እቲ ዝተረፈ ቀሊል'ዩ። ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ዘየሎ የለን። ኩሉ'ዩ ዝርከቦ። ኣብ math.about.com ዝብሃል ትምህርታዊ መርበብ ሓበሬታ እዚ ዝስዕብ ምኽርታት ረኺበ፤

### ሓደ ዓቢ ስእሊ ሓዝ

ስለምንታይ ቍጽሪ ትምሃር ኣለኻ ክትምልሶ ፈትን። ምስ እትምሃሮ ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ ብኸመይ ይዛመድ ኣለሊ። ሓደ ምዕራፍ ናይ ቍጽሪ ክትምሃር እንከለኻ፡ ብዛዕባኡ መጽናዕቲ ግበር። ኣበየናይ ዓውደ ስራሕ ብግብሪ ይሰራሓሉ ክትፈልጥ ፈትን። ቍጽሪ ኣብ ምሉእ ዓለም መሰረታዊ ትምህርቲ'ዩ። ከምኡ ክኸውን ከኣ ናይ ግድን ምኽንያት ኣሎዎ። ምስ ቍጽሪ ናበይ ትኸይድ ከም ዘለኻ ግንዛበ ይሃልኻ።

### ንፈተና ኢልካ ኣይተጽንዕ

ከየሕመቐካ ኣሕምቆ። ቍጽሪ ናይ ነዊሕ ግዜ ምልምማድ ዝድልዮ ትምህርቲ'ዩ። ካብ ሓደ ደረጃ ናብቲ ሓደ እናተተሓሓዘ ዝኸይድ ሓረግ ዘሎዎ'ዩ። ከምታ ተሓዋወሰት ፈትሊ ጫፉ ከይረኸብካያ ክትዝርዝራ ዘይትኽእል፡ ቍጽሪ'ውን መሰረት ከይሓዝካ ክትነፍዕን ክትመልኮን ኣይከኣልን እዩ። ንመጻኢ ኢልካ ደኣ ኣጽንዕን ፍለጥን እምበር ንፈተና ኢልካ ኣይተጽንዕ።

### ኣቐዲምካ ኣንቢብካዮ ምጽናሕ

ኣብ ዝበዝሐ ዓይነታት ትምህርቲ እንረኽቦ ኣገዳሲ ምኽሪ'ዩ፣ ኣቐዲምካ ኣንቢብካ ናብ ክፍሊ ምምጻእ። ሎሚ እንምሃራ ምዕራፍ ብድሮ ኣንቢብና፡ ኣብነታትን ዕዮታትን ፈቲንና ናብ ክፍሊ ክንመጽእ ኣገዳሲ'ዩ። ከይተገለጸልካ ከተንብቦ እንከለኻ ገለ ነገሩ ዘይክርድኣካ ይኽእል። ኣብ ክፍሊ ክግለጽ ክትሰምዖ እንከለኻ በቲ ይድግመልካ፡ ቀለልካ፣ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ዘይተመለሰ ሕቶታትካ ይምለሰልካ። ክርድኣካን ክትዝክሮን ከኣ ቀሊል ይኸውን።

### ካብ ሓደ ንላዕሊ መወከሲ ምርኣይ

ንመግለጺ መምህርካን መምሃሪ መጽሓፍካን ክትርድኦም ዘይትኽእለሉ ግዜ ኣሎ። ኣብ ቤት ንባብ ኬድካ ምስቲ ኣርእስትኻ ዝመሳሰል ምዕራፋት ዘሎዎ መጽሓፍቲ ተለቂሕካ ኣንቢብ። እቲ ብጽሑፍ ምርዳእ ዝኣበየካ ብስእሊ ተሰኒዩ ትረኽቦ ኢኻ፣ እቲ ዝተሓላለኸ መግለጺ፡ ዝፎኾሰ መግለጺ ዘሎዎ ኰይኑ ክጸንሓካ እዩ፣ ሽዑ ክርድኣካ እዩ። እታ ክትርድኣላ ዘኽኣለትካ ነጥቢ ፈሊኻ እንተ ፈለጥካያ ከኣ ዝያዳ ንኽትርድኦን ንኽይትርስዖን ይሕግዝ።

### ምስ ቍጽሪ ዘባእስካ ምኽንያታት ኣይትሓዝ

ብዙሓት ተመሃሮ ብመምህራኖም ተጸልዮም ዓይነታት ትምህርቲ ይፈትውን ይጸልኡን። ቍጽሪ ክትምህር ካብ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ክብድ ይብል'ዩ። ቍጽሪ ኣዘናጋዒ፡ መሳጥን ፍቕሪ ዘትሕዝን ገይርካ ክትምህረሉ ዘሎካ ክነሱ፡ ከምኡ ገይርካ ክትምህር ግን ክብድ ይብል'ዩ። ኣብ ምንፋዕን ምሕማቕን መምህራንና ተመርኩስና ቍጽሪ ኣይንጽልኣዮ። ናይ ዘይምንፋዕና ምኽንያት ዋሕዲ ክእለት መምህርና ኣይኰነን፣ ዋሕዲ ጻዕርና'ዩ።

### ልምምድ ምሉእ (ብቑዕ) ይገብር

እዚ ኣበሃህላ ኣብ ቍጽሪ ኵሉ ግዜ ክጥቀስ ንሰምዖ ንኸውን ኢና። ሓቂ ስለዝኾነ ከኣ ወትሩ ክደጋገም ንሰምዖ። ኣብ መግለጺ ዝወሃበና ኣብነታት፡ ዕዮታት ክፍልን ገዛን፡ ተወሳኺ ዕዮታት ካብ ካልእ መጽሓፍቲ ቀጻሊ ክንሰርሕ ኣለና። ደጋጊምና ዝሰራሕናዮ ስራሕ፡ ንመልኮ እምበር ኣይንዕወነሉን።

### ምሕደራ ግዜ

ዘይተማሓደረ ነገር ኵሉ ጣቋ የብሉን። ገንዘብ እንተ ዘይተማሓዲሩ መጥፍኢኡ ኣይፍለጥን። ሰብ እንተ ዘይተማሓዲሩ መትሓዚ የብሉን። ኰታ ኵሉ ዘሎ ጸጋ እንተ ዘይተማሓዲሩ ዋጋ የብሉን። ተመሃራይ ኰይኑ ግዜኡ እንተ ዘይኣማሓዲሩ ከኣ ዋጋ ኣይርከቦን። ግዜኻ ብግቡእ ኣማሓድሮ። ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተመለስካ ኣቐዲምካ ኣብ ክፍሊ ዘይወዳእካዮምን ዕዮ ገዛ ኣጻፍፍ። ናይ መጽናዕትን ምዝንጋዕን ግዜኻ ፍሉይ ይኹን። ሓደ'ኳ ክተርፍ ኢሉ ዝምድብ የለን፣ መደብ ንኽይገብር ዝተርፍ ግን ...። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ንቍጽሪ እትውክሰላ ግዜ ፍለ።

### ካብ ምቕዳሕ ተሓረም

ምቕዳሕ ከም ናይ መወዳእታ ምርጫ'ውን እንተኾነ ኣብ ኣእምሮኻ ኣይተስፍሮ። ኣብ ክፍሊ ኰነ ድሕሪ ክፍሊ ዝወሃበካ ዕዮታት ባዕልኻ ክትሰርሖ ፈትን። ምቕዳሕ ህኩይ ዝገብር ቫይረስ እዩ'ሞ ካብ ሕማም ምቕዳሕ ኣቐዲምካ ነብስኻ ግታእ።

### ፍጹም ተስፋ ኣይትቑጸር

ካብ ኵሉ ኣብ ቤት ትምህርቲ እትረኽቦ ነገራት ከም ቍጽሪ ገይሩ ንኣእምሮኻ ዝጥቀመሉ የለን። ንዝተፈላለየ ክፍላት ሓንጎል'ዩ ዝጥቀም። ሓደ ነገር ክርድኣካ እንተ ዘይክኢሉ ወጥሪ ክፈጥረልካ ይኽእል ይኸውን። ንግዜኡ ካልእ ስራሕካ ስራሕ'ሞ ተመለሶ።

### ካብ ጌጋኻ ተኣረም

ብጌጋታትካ ስሓቕ፣ ብሕመቕካ ምስ ነብስኻ ተዋዘ። ጉድለታትካ መወዳእታ ዓለም ኣይኰነን። ናይቲ ሓቀኛ ፍልጠት መበገሲ እዩ።

# ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት ኢያ እትምልስ።

# ዘይንስኻ ምምሳል



ኣማኻሪ፡ ሄለው፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም። መን ክብል?

ደዋሊት፡ እወ። ንዓኹም ደልየ'የ ደዊለ። ኣስመረት እበሃል።

ኣማኻሪ፡ መርሓባ ኣስመረት። ካበይ ትድውሊ ኣለኺ?

ደዋሊት፡ ካብ ኣስመራ።

ኣማኻሪ፡ ሕራይ ኣስመረት፡ ዕድሜኽን ደረጃ ትምህርትኽን ዶ ምነገርክኒ?

ደዋሊት፡ 55 ዓመት ገይረ ኣለኹ። ትምህርቲ ከኣ ሻድሻይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ ኣቋሪጸዮ።

ኣማኻሪ፡ መደወሊኺ ጉዳይ እንታይ ኮን ይኸውን?

ደዋሊት፡ ምሳይ ዝቕመጥ ወዲ ሓፍተይ ኣለኒ። ሳዕሊ ሳዕሊ እናጠመተ ብዓቕምና ምንባር ኣብዩ'ሞ እንታይ ትሕግዙኒ?

ኣማኻሪ፡ ወዲ ክንደይ ዓመት'ዩ?

ደዋሊት፡ ሕጂ ድኣ 20 ዓመት ገይሩ ኣሎ።

ኣማኻሪ፡ ደረጃ ትምህርቱኸ?

ደዋሊት፡ 12 ክፍሊ. በጺሑ'ዩ። ኣብ ሳዋ ምስ ሓመመ ታዕሊሙ ከይወድአ ንገዛ ተመሊሱ።

ኣማኻሪ፡ ወለዱ ኣብ'ዚ ዓለም ኣለው ድዮም?

ደዋሊት፡ እወ ኣለው። ኣደኡ ሰደት ስለ ዘይተሰማማዓ፡ ካብ ሰደት ተመሊሳ ምስይ'ያ ትነብር ዘላ። ኣብኡ'ውን ኣብ ሰደት ኣሎ እዩ ዝበሃል እምበር፡ ድሃይ ግና የብሉን።

ኣማኻሪ፡ ዝሽበርኪ ኣስመረት፡ እሞ ብሸመይ ድኣ ትናባበሩ ኣለኹም?

ደዋሊት፡ ንነብረሉ ገዛ ናትና ስለ ዝኾነ ክራይ የብልናን። ኣደኡ ከኣ ኣብ'ዚ ዓዲ ምስ መጸኣት ኮንታት ስለ ዘተመሓየሸት፡ ኣብ ቤት መግቢ ትሰርሕ'ያ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ሰደት ዘለዉ ኣሕዋትና ይሰዱልና'ዮም።

ኣማኻሪ፡ ክሳብ ሕጂ ሓፈሻዊ ስእሊ ብዛዕባ መነባብሮኹም ክህልወኒ ኢለ'የ ክሓተኪ. ጸኒሐ፡ ኣብቲ ቀንዲ ጉዳይና ክንምለስ። ወዲ ሓፍትኺ ሳዕሊ ሳዕሊ እናርኣየ ብዓቕምኹም ምንባር ከም ዝኣበየኩም ኢኺ ሓቢርክኒ'ሞ እንታይ ማለትኪ እዩ? ቀሩብዶ ኣብርህ ክትብልለይ?

ደዋሊት፡ እወ እንታይ ድዩ መሲሉካ፡ ናይ ካልእ ገዲፍካ፡ እቲ ቀንዲ ጸገም ኮይኑና ዘሎ ክዳውንትን ጫማታትን ካብቲ ዝኸበረ ቼንራናታት ናይ ማእከል ከተማ እንተ ዘይኮኑ ካብ ካልእ ብፍጹም ኣይገዝእን'ዩ።

ኣማኻሪ፡ ንስኺኸ ካበይ ኢኺ ክትገዝእ እትደልይዮ?

ደዋሊት፡ ኣነ ሕሰር ክብለልና ኢለ ካብቲ ከባቢ መደበር ዘሎ ከምቲ ኣነ ዝደልዮ ኣይኮነን'ዩ ዝብለ። ጫማታት ናይ ልዕሊ ሽሕ ናቕፋ፡ ስረታት ከኣ ናይ 500 ሚእትን ልዕሊኡን እንተ ዘይኮኑ ኣይገዝእን'ዩ።

ኣማኻሪ፡ እዚ ልምዲ ካብ መዓስ ኣምጺኡዎ ትብሊ?

ደዋሊት፡ ኣብ ዓሰራይ ክፍሊ ምስ በጽሐ'ዩ ከማርጽ ጀሚሩ፡ እምበር ቅድሚኡስ ድሓን'ዩ ነይሩ።

ኣማኻሪ፡ ኣብ ምግዛእከ ምስኡ ዲኹም ትኸዱ ባዕሉ'ዩ ዝኸዶ ዝመጽእ?

ደዋሊት፡ ምስኡ ድኣ እንታይ ኢሉ ከፍቅደልና። ምስ ኣዕሩኽቱ'ዩ ዝገዝእ።

ኣማኻሪ፡ ኣቐድም ኣቢልኪ ካብ ሳዋ ብሰንኪ ሕማም ንገዛ ከም ዝተመልሰ ነጊርክኒ ኔርኪ። ካብ ሳዋ ካብ ዝምለስ ክደይ ገይሩ ኣሎ?

ደዋሊት፡ 37 ዙርያ'ዩ ወሪዱ፣ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ'ዩ ንገዛ ተመሊሱ። ድሕሪኡ እንህልካ ኣብ ገዛ ጥራይ'ዩ ዝውዕል። ምስ ኣዕሩኽቱ'ውን ዝብሎም ከኣ ኩተማ ሻሂ ሰትዩ ይምለስ።

ኣማኻሪ፡ እስከ ናይ ምሉእ መዓልቲ ግዚኡ ብኸመይ ከም ዘሕልፎ ኣዕልልኒ?

ደዋሊት፡ ምሸት ፊልምታት ክርኢ ስለ ዝምሰ፡ ንግሆ ዳርጋ ሰዓት ዓሰርተ እዩ ካብ ድቃስ ዝበራበር። ቁርሱ ድማ ኣኺሉዎ ኣብ ሞባይሉ ፊልምን ደርፍታት ናይ ኢንግሊዝን ክዕዘብን ክሰምዕን ዝውዕል። እቲ ዝገርመኒ ወላ ኣብ ባኖ ኑብሱ ክሕጽብ ከሎ ደርፌ ናይ እንግሊሽ እናሰመዐ'ዩ ዝሕጽብ።

ኣማኻሪ፡ እቲ ዝርኦ ፊልምታት ይኹን ዝሰምዖ ደርፍታት ብዛዕባ ምንታይ ምፍኡ ትከታተልዮዶ ትኾኑ?

ደዋሊት፡ ወሪዱና እንታይ ኢልናዮ። እታ ሞባይሉ ከኣ ባዕሉ'ዩ ዝጸዋዋን ዝሽፍታን መን ከቕርበና። እንተ እቲ ደርፍታት ግና እቲ ትርጉሙ'ኳ እንተ ዘይሰማዕናዮ ከምዚ ዝቋየቑ ዘለዉ. ኮይኖም'ዮም ዝሰምዑኻ። እቲ ሙዚቃኡ'ውን ብወገነይ ክግምገሞ ከለኹ ቅድው ኣይኮነን፡ ወላ ኣይብርሃንን'ዩ።

ኣማኻሪ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወቱኸ ዝምድንኡ ምስ ቤተሰብ ከመይ'ዩ?

ደዋሊት፡ ኣብ ገዛ ንዝመጹ ቤተሰብ ኣይግደሰሎምን'ዩ። ኣጋጣሚ ምሳና እንተ ጸኒሑ ሰላም ኢሉዎም ናብታ ካልኣይቲ ክፍሊ ከይዱ፡ ኢርፎን ኣብ እዝኑ ገይሩ ምስዛ ሞባይሉ'ዩ። ኣዕሩኽቱ እንተ መጺኦሞ ግና እንታይ'ዩም ዘዕልሉ ምሉእ መዓልቲ ይውዕሉ ምሳሕ'ኳ ኣይዝክሩ።

ኣማኻሪ፡ ተራ ናይ ኣዲኡኸ ከመይ ይመስል?

ደዋሊት፡ ኣነ ስለ ዘዕበኽዎ፡ ብኣዲኡ ብዙሕ ኣይግደሰን'ዩ። ንሳ ድማ ሰቕ ኢላ'ያ ትርእዮ።

ኣማኻሪ፡ ነዚ ኣሸጊሩኩም ዘሎ ባህሪ ንኽልውጥ እንታይ ዝገበርክዮ ተግባራት ኣለኪ?

ደዋሊት፡ ሞባይል ብቐጻሊ ብዓውን ብኢርፎንን ምስማዕ ንጥዕናኻ ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ንነብስኻን ንስድራኻን ምስሊ፡ መነባብሮ ይኹብደና ኣሎ፡ ወጻኢታት ኣይተብዝሓ፡ ኪድ ስራሕ ይኹን ሞያ ተማሃር ዝብልን ካልእ ማዕዳን እምዕዶ'የ። ንሱ ግና ጸማም እዚኒ'ዩ ዝህበኒ። ኣነ ከኣ ዘይግዜ ክምልሶ'ዩ ኢለ ከይሓመኒ ከኣ ፈሪሐ ሰቕ እብል።

ኣማኻሪ፡ እዚ ወዲ ዕድሚኡ ጌና እዩ ዘሎ። ከምቲ ዝበልክዮ ዝመሃረሉን ሞያ ዝቐስመሉን ግዜን መጸኢ ህይወቱ ዝሰርዓሉ ድማ'ዩ። ንስኺ ወላ እንተ ተዛረብክዮ፡ ንሱ ግና ኣብኡ የለን። ኣብ ሞባይሉ ዝርእዮ ዘሎ ፊልምታትን ናይ ወጻኢ ሃገር ደርፍታትን እውን ብዛዕባ እንታይ ምዃኑ ክትፈልጥዎ ኣይከኣልኩምን ዘለኹም። ዝኾነ ኮይኑ ደርፍን ፊልምን ምብዛሕ እሞ ኣብ'ዚ ዕድመ ይሃስዮ እምበር ኣይከጠቕሞን'ዩ። እቲ ካብ ማእከል ከተማን ዝኸበረ ቼንራናታት ክዳውንትን ጫማታትን ክገዝእ ጥራይ ምድላዩ፡ ውጺኢት ደኣ'ምበር ጸገም ኣይኮነን።

ክሳብ እንታይ ደርኡን ይሰምዕን ዘይፈለጥና ክንድምድም ይኸብድ'ኳ እንተኾነ፡ ብእኡ ተጸልዩ ኑቶም ዝርእዮም ዘሎ ደረፍትን ተዋሳእትን ክመስል ንሳቶም ዘዘውትርዎ ክቡር ክዳውንት ጫማታት የዘውትር ይህሉ'ዩ። ዝኾኑ ኮይኑ፡ ንግዚኡ ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣብ ኣብ ዝኽእል ትምህርቲ ስራሕ ወይ ሞያ ክጽመድ ኣገዳሲ'ዩ። ሰብ ብባህሪኡ ቡቲ ዝርእዮን ዝሰምዖን ስለ ዝጽሉ። መካይዱ እንታዎት ምዃኖም ክትፈልጡን ከተማእዝንዎን ኣለኩም። በዚ ዘለዎ ባህሪ እንተ ቀጺሉ፡ ካብ ክውንነት ርሒቑ ዘይመንነቱ ሓዙን ኣብ ዘይተድልየ ካልእ ሕማቕ ልምድታት እውን ክኣቱ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ንኽሰምዕዎ ዝኽእሉ ቀረባ ቤተሰብ ንጉዳዩ ሓቢርክን ኣብ ዘይተድልየ ደረጃ ከይበጽሐ እንከሎ፡ ንኽማእዝንዎ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል'ዩ።

ደዋሊት፡ ኣነ ድኣ ክሳብ ክንድ'ዚ ዝተሓላለኸ ጸገማት ከም ዘለዎ ዘይተረድኣኒ፡ ደሓር ከኣ ኣነ ኣይወለድኩን፡ ሓፍተይ ከኣ ሓደ ወዳ ስለ ዝኾነ ኢና ካብ ኣፍና ኮሊፍና ዘዕበናዮ ንነብረሉ ዘለና። ስለዚ ከምቲ ዝበልክኒ ንኽሰምዕዎ ዝኽእሉ ቤተሰብ ክሕብረሉን ጉዳዩ ከይሳዕረረ መንገዱ ከስተኻኽል ክንጽዕር ኢና። እንቋዕ'ኳ ደወልኩ። ዘይሓንቲ ካብ ጉረባብትና ምስ ኣዕለልክዎ'ያ ብተለፎን ኣብ ገዛኺ ኮለኺ ዝመኻሩኺ ጉዱሳት ሰባት ኣለው ኢላ እዛ ቁጽሪ'ኹም ሂባትኒ። ኣዝየ'የ ዘመስግን፡ ዕድመን ጥዕናን ይሃብኩም።

ኣማኻሪ፡ ኣሜን። ጸጽብቒ እትምነየልኩም። ብሩኽ ምሸት።

ደዋሊት፡ ብሩኽ ምሸት።

## ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ዓለም ክትቀይር ምሕሳብ

ብቓንዛ ዓይኒ ዝሳቐ ሓደ ብዓል ሃብቲ ሰብኣይ ነበረ። ብብዙሓት ሓካይም ተራእዩ፣ ካብ ቃንዛ ግን ኣየዕረፈን። ብዙሕ ከሲና ውሒጡ፣ ውሑድ ዘይኮነ መራፍእ'ውን ተወጊኡ። እቲ ቃንዛ ግን ካብ ዝነበሮ ገደድ እምበር ኣይጠፍኣሉን። ሓደ መዓልቲ፡ ንተመሳሳሊ ሕማማት ከም ዝፍውስ ዝተነግረሉ ፈላሲ ተጸውዐ።

እቲ ፈላሲ መርመሩኡ ኣካየደ። ሸግር እቲ ሰብኣይ ከኣ ተረደኦ፣ "ንዝተወሰነ ግዜ ቀጠልያ ሕብሪ ጥራይ ርአ። ኣዒንትኻ ካልእ ሕብሪ ከም ዘይጥምታ ግበር፡" ክብል ኣዘዞ።

ዝቐደሙ ሓካይም ከምኡ ዓይነት ቀሊል ዝመስል ኣገባብ ፍወሳ ኣይሃቡዎን። በቲ ዝተፈልየ ኣገባብ'ኳ እንተ ተገረመን እንተ ተደናገረን፡ ምናልባት እንተ ተመሳሲሉ ግን ክፍትኖ ወሰነ። ሓደ ጉጅለ ቀባእቲ ብምእካብ ንኹሉ ምስ ኣዒንቱ ክጋጠም ይኽእል'ዩ ዝበሎ ነገር፡ ቀጠልያ ሕብሪ ክለኽዩዎ ኣዘዘ። ንሳቶም ከኣ ከምቲ ዝተባህሉዎ ገበሩ። ኩሉ እቲ 'ክርእዮ እኽእል'የ' ኢሉ ዝሓሰቦ ዘበለ ቀጠልያ ሕብሪ ተለኽዩ።

ድሕሪ ገለ እዋን እቲ ፈላሲ ደሃዩ ክንበር መጽአ። ንኻንሸሎ ናይቲ ግምቢ ምስ ሓለፈ፡ ሰራሕተኛታት እቲ ሃብታም ሰብኣይ ብጉያ መጺኦም፡ ነቲ ቀይሕ ቀምሻ ተኸዲኑ ዝነበረ ፈላሲ ቀጠልያ ሕብሪ ክለኽዩዎ ጀመሩ። "ጉይታና ቃንዛ ዓይኑ ከይምለሶ ኩሉ ዝርእዮ ዘበለ ቀጠልያ ክንለኽዮ ኣዚዙና እዩ፡" ድማ በሉዎ፡ ብምግራም ተዓኒዱ ምስ ርእዩዎ።

"ብውሑድ ኣቓርሽ፡ ቀጠልያ ዝበትርኡ መነጽር ክትገዝእ ምኸኣለ እንዶ! ነዚ ኩሉ ክለኺ ዘውጽኦ ጸጋ ንኻልእ ምጐዩና፡ ዓለም ምሉእ ቀጠልያ ክትለኽዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣረኣእያና እንተ ቀይርና፡ ዓለም ናብቲ ኣረኣእያና ተቐይራ ክትረኣየና እያ። ቅርጺ ዓለም ክትቀይር ምሕሳብ የዋህነት'ዩ፣ ፈለማ ቅርጺ ገዛእ ርእስና ደኣ ንቐይር፡" በለ እቲ ፈላሲ።

inspirationalshortstories.com

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

## “መጻኢ ፈዋስነት ጸረ-ታህዋስያን ንምውሓስ፡ ሎሚ ንስራሕ”

*ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ኣርእስትና፡ ነቲ ብምኽንያት ቅነ ተጻዋርነት ጸረ ታህዋስያን፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ጥዕና፡ ሕርሻን መሬት፡ ማይን ኣከባብን ክካየድ ዝቖነየ ጉስጓስ ኣተኩርና ኣለና። ተጻውሮ ጸረ ታህዋስያን ምስ ጥሪት እንታይ ምትሕሓዝ ኣለዎ፧ ሳዕቤናት ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን ኣብ ጥሪት፡ ሃሰያ ዕለቱ ዘሕለፈ መድሃኒት፡ ሓላፍነታዊ ተጠቃምነት ጸረ ታህዋስያን ኣብ ጥሪት’ከ ከመይ እዩ ዝመስል፧ ዝብሉን ካልኦትን ሕቶታትን ኣልዒልና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ሓኪም እንስሳታት ኣቶ ሮቤል ሃብተማርያም ክምልሰልና ሓቲትናዮ ኣለና። ሰናይ ንባብ።*

*** መድሃኒታት ጸረ ታህዋስያን ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ፧**

- መድሃኒታት ጸረ ታህዋስያን ክንብል እንከሎና ብሓፈሻኡ፡ ካብ ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ፋንጋስ ከምኡ’ውን ካብ ባልዕ ክመጽእ ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ሕማም ንምፍዋስ ተባሂሎም ዝዳለዉ መድሃኒታት እዮም። እዞም መድሃኒታት፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ብበዓል ሞያ ተኣዚዞም ንኽንወስዶም ዝወሃቡና ዓይነት መድሃኒታት ኮይኖም፡ እቲ ተጻውሮ መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን ዝበሃል ድማ፡ ኣብዚ እዋን’ውን ከም ሓደ ዓቢ ጉዳይ ኮይኑ ንጉስጉሰሉ ዘለና ኲይኑ፡ ነዞም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ፋንጋስን ባልዓትን ካብ ብዝሒ ምጥቃም መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን ተጻውሮ ከጥርዩ ከለዉ እዩ። እዞም ታህዋስያን ነቲ መድሃኒት ከጥፍኦም ኣብ ዘይክእል ደረጃ ስለ ዝበጽሑ፡ ክለመድዎን ወይ ከኣ ነቲ ኣስዒቦሞ ዘለዉ ሕማም መሊሶም ንኸጋድድዎ ዓቢ ተራ ይጻወቱ ስለ ዘለዉን እዩ።

ኩሉ ግዜ ዝኾነ ይኹን መድሃኒት፡ ብበዓል ሞያ ክእዘዘልና ከሎ ምስቲ ሓሚምናዮ ዘሎና ሕማም ብምዝማድ ንዕኡ ንምፍዋስ ተባሂሉ እዩ ዝወሃበና። ኣብዚ እዋን ግን ብዝተፈላለየ መልክዕ፡ በዓል ሞያ ዘይኣዘዞ መድሃኒታት ክንወስድን ክንጥቀምን ከለና፡ እቲ ሕማም ናይቲ መድሃኒት ተጻዋርነት እናኣሕደረ ክኸይድ ስለ ዝጀመረ፣ እቶም ሕማማት’ውን ካልእ ዓይነት መልክዕ እናሓዙ ስለዝኸዱ፡ ንምፍዋሶም ኣዝዮም ኣሸገርቲ እናኾኑ መጺኦም ኣለዉ ማለት እዩ።

***ኣብ ጥሪት ወይ እንስሳታት ንምጽእ፡ ተጻውሮ መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን ምስ ምስኦም እንታይ ምትሕሓዝ ኣለዎ?**

- መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን ኪኖ ደቂሰባት ኣብ ጥሪት ኣዝዩ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ጥሪት ልክዕ ከም ሰባት ሕክምናዊ ክንክን ስለ ዝግበረሎም፣ ኣብቲ ዝግበረሎም ሕክምናዊ ክንክን’ውን እቲ ንጥቀመሉ ዘሎና መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን፡ በቲ ናቶም ዝህቡና ፍርያት ማለት ብእንቋቑሖ፡ ጸባን ስጋን ኣቢሉ ክሓልፈና ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ሓደ እንስሳ፡ መድሃኒት ምስ ሃብካዮ ወይ ምስ ወጋእካዮ፡ እቲ መድሃኒት ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ኣካላቱ ይጸንሕ እዩ። ኩሉ ዓይነት መድሃኒት ሓደ ዓይነት ግዜ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ኣብቲ ምስኡ ዝመጽእ ሓበሬታ ወይ ሕላገት፡ ንኽንድዚ መዓልቲ ወይ ሰሙን ይጸንሕ እዩ ኢሉ ሓበሬት ይወሃብ እዩ። እዚ ማለት፡ ካብታ መድሃኒት ዝወሰደላ ዕለት ክሳዕ እታ ተጠቒሳ ዘላ ዕለት ዝኾነ ፍርያት ናይቲ እንስሳ ከነህልኽ ከም ዘይብልና እዩ ዝሕብረና። ምኽንያቱ ነቲ እንስሳ ዝሃብናዮ መድሃኒት ብተዘዋዋሪ ናባና ይመጽእ ስለ ዘሎ እዩ። እቲ መድሃኒት፡ ብዘኾነ ይኹን መንገዲ፡ ብምፍላሕ ወይ ምብሳል ክጠፍእ ስለ ዘይክእል ካብ ምምጋብ ፍርያቱ ምቑጣብ። ኩሉ ግዜ ድማ ንህቦ ዘሎና መድሃኒት ብበዓል ሞያ ብዝተዋህበና መምርሒ ጥራይ ንጥሪትና ክንህብ’ዩ ዝግብኣና።

***ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ጀሚሩ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ ሚኒስትሪ ጥዕና ከምኡ’ውን ምስ ሚኒስትሪ መሬት፣ ማይን ኣከባብን ብዓመቱ ኣብ ተጻውሮ መድሃኒት ጸረ ተሃዋስያን ዘተኮረ ጉስጓስ ይካየድ እዩ። ተራ ሚኒስትሪ ሕርሻ እንታይ እዩ፧**

- ብሓፈሻኡ ኣብ እንስሳታት ዘተኮረ ዓይነት ተጻውሮ ጸረ ታህዋስያን ንምጉስጓስ እዩ። ምስ እንስሳታት ወይ ጥሪት ጥቡቕ ርክብ እዩ ዘለና። ፍርያቶም ነህልኽ ስለ ዝኾንና፡ ብዓይኒ



ኣቶ ሮቤል ሃብተማርያም

ሃልኪ ወይ ተጠቃምነት ጥራይ ዘይኮነ በቲ ኣብቶም እንስሳታት ዝወርድ ሓደጋ ክንርእይ ከኣ ግድን እዩ። እንስሳታት መድሃኒት ክወስዱ እንከለዉ እቲ ዝወሰድዎ ዘለዉ መድሃኒት ብልክዕ ክሰርሓሎምን ክፍውሶምን ኣለዎ ደኣ እምበር፡ ተመሊሱ ነቲ ሓረስታይ ናብ ዘይተደልየ ክሳራታት ከወርዶ የብሉን። ስለዚ፡ ሓረስቶት ኩሉ ግዜ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን መድሃኒት ንጥሪቶም ምሃቦም ንበዓል ሞያ ምልክታት ሕማም ብግልጺ ሓቢሮም፡ ንዑኡ ዝበቅዕ መድሃኒት በቲ በዓል ሞያ ዝህቦም ሓበሬታ ጥራይ ክህቡ ይግባእ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓረስቶት ዝኾነ ይኹን መድሃኒት ንበዓል ሞያ ተወኪሶም ንጥሪቶም ክህቡ ከም ዘለዎም ድማ ይጉስጉስ። ናይ ሎሚ ዓመት ጎስጓስ’ውን ‘መጻኢ ፈዋስነት ጸረ ታህዋስያን ንምውሓስ ሎሚ ንስራሕ’ ብዝብል ቴማ እዩ ዝጉስጎስ ዘሎ። እዚ ቴማ ነዚ ናይ ሎሚ እንረኽቦ ፈውሲ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንመጻኢ’ኸ እንታይ ዓይነት ጽልዋ ከምጽኣልና ይኽእል ኢልና ንኽንሓስብ፡ ንመጻኢ ወለዶ ውሕስነት ክንገድፍን ዘዘኻኽር እዩ። ስለዚ መጻኢ ኣድማዕነት መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን ንምውሓስ ሎሚ ክንሰርሕ ከም ዘለና እዩ ዝሕብር።

***ቅኑዕ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ኣብ እንስሳታ ክንብል እንከሎና እንታይ ማለትና እዩ፧**

- ኩሉ መድሃኒት ሓደ ኣይኮነን። መድሃኒት ናይ ረኽሲ ንኣብነት እንተ ወሲድና፡ ንረኽሲ ዘምጽኡ ሕማማት ብዙሓት እዮም። ብሽም ረኽሲ ኢልካ፡ ናይ ረኽሲ መድሃኒት ንጥሪት ምሃብ ግቡእ ኣይኮነን። እቲ ረኽሲ ኣስዒቡ ዘሎ ሕማም፡ ብዝግባእ ክምርመር፡ ጠንቂ ተፈሊጡ ድማ ንበዓል ሞያ ተወኪስካ ክወሃብን እዩ ዘለዎ። ስለዚ መድሃኒት ኣብ ግዜኡ እንተድኣ ተጠቒምናሉ ፈዋሲ እዩ። ካብ ግዜኡ ዝሓለፈ ወይ ብግቡእ እንተዘይተጠቒምናሉ ድማ መርዚ ምዃኑ ተረዲእና ቅኑዕ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ክንክተል ይግባእ።

እቲ ቅኑዕ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ብብዙሕ ዓይነት መንገዲ’ውን ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ብቐረባ ከነተግብሮ ንኽእል ክንርእይ እንተ ፈቲንና፡ ኣብ ግዚኡ እምበር ተረፍ መድሃኒት ስለ ዝነበረና ወይ ተመሳሳሊ ዓይነት ምልክታት ስለ ዝርኣና፡ ዝነበረ መድሃኒት ብኢደ ዋኒንካ ምሃብ ተጻዋርነት ጸረ ታህዋስያን ስለ ዘስዕብ ዘይምጥቃም።

ብተወሳኺ ኣብ ክንዲ ንምፍዋስ ወይ መድሃኒት ምጥቃም ጥራይ እንጓየ ድማ፡ ኣብ ምግታእ ወይ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዝያዳ ከነተኩር ኣሎና። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ከም ሓደ ዓቢ ስራሕ ሒዙ ዝንቀሳቐሰሉ ዘሎ፡ ምክልኻል ሕማማት እዩ። ክታበታት ናይ እንስሳታት ኣብ ግዚኡ ስለ ዝህብ፡ እንስሳታት ንኻልእ ዓይነታት ሕማም ከይቃልዑ፡ ዝወሃብ ክታበታት ኣብ ግዚኡ ንኽወስድኦ ምክትታል ይግባእ። ክታበት ሕማማት ንኸይላባዕ ስለ ዝከላኸል፡ ጥሪት ብግቡእ ኣብ ግዚኣን ክኽተባ ኣለወን።

ድሕሪ ክታበታት፡ ዝኾነ ሕማም ብዝተፈላለየ መልክዕ ክርኣ እንተጀሚሩ፡ ኣብተን እንስሳታት ብዝተቐላጠፈ መንገዲ ንበዓል ሞያ ተወኪስና፡ እቲ ዝግባእ ዓይነት መድሃኒት በቲ ዝግባእ ግዜ ኪንህብ ኣሎና። ምኽንያቱ ካብቲ ዝግባእ ግዜ ንላዕሊ እንተ ንህብ ኣሎና፡ መድሃኒት ፈዋሲ ዘይኮነ፡ መርዛም ስለ ዝቕየር፡ በቲ ዝወሃብ መምርሒ ጥራይ እዩ ክወሃብ ዝግባእ።

***መዓልቱ ዝሕለፈ መድሃኒት ብኸመይ ይውገድ፧**

- መድሃኒት እንተ መዓልቱ ኣሕሊፉ ወይ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኮይኑ፡ ካብ ካልእ ጓሓፍ ዝፈልዮ ብዙሕ ነገር ኣሎ። ዝኾነ ጓሓፍ በቲ ንዕኡ ተባሂሉ ዝተዳለወ መጓሓፊ ገይርና ክንጉሕፎ ንኽእል እና። ኣብ ኣጓሓሕፋ መድሃኒት ግን ቀሩብ ንቕሓት የድሊ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ወይ እንዳ ጓሓፍ ኪንድርብዮ ወይ ክንጉሕፎ ወይ ኣብ ዝኾነ ማይ ዘለዎ ቦታ ወይ ወሓዚ ወይ ውሕጅ ክንጉሕፎ ኣይግባእን።

እዚ ማለት ኣብ ጉድጓድ ንቐብሮ እንተሃሊና፡ ንኻልእ ዓይነት ሕርሻዊ ንጥፈት ወይ ካልኦት ዓይነት ኣትክልቲ ዘበቚልሉ ሓመድ ስለ ዝኾነ፡ በቲ መድሃኒት ተበኪሉ ዝዓበ ተኽሊ ክፈሪ ይኽእል። ኣብ ወይ ጥቓ ወሓዚ ማይ ከምኡ’ውን ዒላታት ብፈሳሲ ወይ ደረቕ መልክዕ ዝተዳለወ ዕለቱ ዝሕለፈ መድሃኒት እንተ ጉሒፍና’ውን፡ ካብቲ ማይ ጥሪት ክሰትይኦ ይኽእላሞ ጥዕናዊ ጉድኣት የስዕበለን። ሰባት’ውን ካብ ሩባ ወይ ዒላ ማይ ብምጽራይ ይጥቀሙ እንተ ሃልዮም፡ ውጽኢት ናይቲ መድሃኒት ብተዘዋዋሪ ይወስድዎ። ብተወሳኺ ሰብ ጀራዲን፡ ካብቲ ዝተበከለ ማይ ስለ ዝጥቀሙ በቶም ዝፈርዩ ኣትክልቲ ዘይተደለየ ሳዕቤን ክመጸና ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣብ ማይ ዝርከበሉ ቦታ ኮነ ኣብ ፈቖድኡ ኣብ ሓመድ፡ ኣብ ጥቓ ጀራዲን ወይ’ውን ኣብ ዝኾነ ቦታ ክንጉሕፍ ኣይግባእን። እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ኣጎሓሕፋ መዓልቱ ዝሕለፈ መድሃኒትን መትሓዚኡን፡ ኣብ ከባቢና ወይ ጥቓና ዝርከብ መደበር ጥዕና ወይ ከኣ ፋርማሲ፡ ወይ’ውን ናብ ክሊኒክ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ብምኻድ ከነረክብ ይግባእ። ምኽንያቱ ንሳቶም ሕብረተሰብ፡ ጥሪትን ዘራእትን ብዘይጎድእ መገዲ ናቱ መስርሕ ተኸቲሎም ስለ ዝውግድዎ።

*** የቐንየልና ኣቶ ሮቤል**

ብርሃነ ዓንደመስቀል











**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደራጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣቶ ሳሚኤል ሃብተማርያም ሃይለስላሴ፡ ወላዲና ሃብተማርያም ሃይለስላሴ ተሰኪኡ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኪዳነ ክፍለማርያም ይመስገን፡ ኣደይ መጻሽ ኣስመሮም ጭሩም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ 9ይ መጋበኢያ ቁ32 ይቕረብ።

ኣቶ ኪዳነ ክፍለማርያም ይመስገን፡ ሓፍተይ ለምለም ክፍለማርያም ይመስገን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 9/12/25 ኣብ 9ይ መጋበኢያ ቁ32 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሰሰት ጸገወይኒ ኣሳቐ ሃይለስላሴ፡ ተኸሰሲ ሓጎስ ደስበለ ዘውዱ፡ ብዓልቲ ቤትካ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን30/12/2025 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

---

ብስም ሕዋርሸኽ ሳልሕ ጀምዕ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን KEL00010697 ዝፍኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ደኳን (G22) ትካለይ ንወ/ሮ ኣኽበረት ደብራይ ተወልዱ፡ ኣድራሻ ከረን - 06 ኣካርየ፦ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣመልካቲ ሕዋርሸኽ ሳልሕ ጀምዕ
ሕጋዊ ወኪል

---

ኣብ ኣስመራ ከበ/ ዚፕ ኮድ ማይተመናይ 1A149-11 ቁ.ገዛ -ፕሎት 159 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00015982 ፓርሰል B ናይ ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:004038 ብስም ኢሳቕ ምናሴ ኣድሓኖም ዝተመዝገበ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07111752 ክሕብረኒ፣ እንተዘይሒቡኒ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ኢሳቕ ምናሴ ኣድሓኖም

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ብቑ/መለለዪ 2637K/031 ሎት 36 ፓርሰል G ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ቁ.ቅ 6 NO 009745 ብስም ሉችያ ዑቕበ መሓረና ዝተመዝገበ ናይ መሬት ሊዝ ኦርጂናል ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺበዮ ወይ'ወን ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ.ቴሌ 07209124 ደዊሉ ይርከበና። እንተዘይቀሪቡ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበና ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ሉችያ ዑቕበ ማሓረና

---

ኣነ ወ/ሮ ጃምዕ መሓመድኑር እድሪስ ከምኡ'ውን ወ/ሮ ኪርያ ኢብራሂም እድሪስ ዝተበሃልና፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ከበቢ መደሸቶ ጎደና እምባረሚ ቁጽሪ ገዛ 26 ኣብ 100 ት.ሜትር ዝተደኮ፡ ዚፕ ኮድ 1A134 ፕሎት 21 ዞን ASP00011114 ብቑጽሪ ንብረት 1:007632 ብስም መዋቲ ኣውራሲና ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ መሓመድ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 10/07/2025 ንዘበርናዮ ምቅሊት ወርሲ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ገዛ ብጽሒትና ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ ቤት ፍርዲ'ውን እዚ ወርሲ ኣጽዲቑልና ብምህላዉ፡ በዚ መሰረት ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ግን ዝቃወም ከም ዘየለ ተቖጺሩ ስም ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

1. ወ/ሮ ጃምዕ መሓመድኑር እድሪስ
2. ወ/ሮ ኪርያ ኢብራሂም እድሪስ

---

ኣመልካቲ ህዝቄል ኣብርሃ ገብርኣብ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ደንከል ዝርከብ ገዛ ፕሎት 5 ፓርሰል ኣይ ASP00036946 ASD 00019180 ስፍሓት መሬት 55.51 ት/ሜ ብዘሓ. ክፍሊ. ቀንዲ 2 ተሓጋጋዚ.1 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1:005336/1 ብሸመይ ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ናብ ዓዳጋይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ህዝቄል ኣብርሃ

---

ንሕና ኣብ ሃብቶም ዞርያስን ወ/ሮ የዛና ርእሶምን ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጸጸራት ምም/ከበቢ ዝበን በዱ ፕሎት 14 ፓርሰል F ዝርከብ፡ ኣብ 225 ት/ሜ ዝተደኮ ገዛ፡ ብቑጽሪ ንብረት1 BRASM014447/1 ዕለት 08/02/2024 ብስም ርዚና ላንዛ ጆቫኒን ሚካኤል ላንዛ ጆቫኒን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብዕለት 6/8/25 ስለ ዝዓደግናዮ'ሞ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝፈቐዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሃብቶም ዞርያስ

---

# መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ንኹሎም ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘዝጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዞም ዝስዕቡ ሞያዊ ስልጠናታት ስልጠንኡ ቀጺሉን ንሓደስቲ ሰልጠንቲ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎን ብሓጎስ ይሕብር።

<u>ኣድራሻና፥</u> ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ Red Sea Corporation (09) ፊት ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ስኒ'ዩ

ብተወሳኺ'ውን ብቑ. ቴሌፎናትና 07204551/07218432/112244 ክትረኽቡና ትኽእሉ።

## ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ Computer application | ➢ Computer maintenance, upgrading and troubleshooting |
| ➢ Engineering Graphics<br>• Graphics Level-1<br>• Graphics Level-2 | ➢ Electronics Level-1<br>Electronics Level-2<br>Electronics Level-3 |
| ➢ Video/film shooting & Photography (ምስኣል ብደረቕን ተንቀሳቓሲ ካሜራ) | ➢ Editing (Pinnacle, Adobe premiere pro after-effect) |
| ➢ Mobile software and hardware maintenance | ➢ Principle of Accounting, Tally and Peachtree software |
| ➢ Solar Installation<br>➢ Electrical line installation<br>➢ Printer and Photocopier maintenance<br>➢ Software maintenance and programming with Python | ➢ Management training<br>• Business management<br>• Office management<br>• Project management<br>• Customers service management<br>• Tour, travel and ticketing management |

ንኹሎም ሰልጠንቲ ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

---

ብስም ሕዋርሸኽ ሳልሕ ጀምዕ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን KEL00010697 ዝፍኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ መሸጣ ኣቕሓ ገዛ (G83) ትካለይ፡ ንኣቶ/ወሮ ተስፋልደት ጊላይ ሃይሉ፡ ኣድራሻ ከረን 04 ኣካርየ፦ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣመልካቲ ሕዋርሸኽ ሳልሕ ጀምዕ

---

ብስም ኣሚና ዓበ ተኽላይ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን KEL00012073 ዝፍኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ፕላስቲክ ስርሓት ንግዲ ትካለይ፡ ንኣቶ/ወሮ ደጀን ተኽለሰንበት ኣሚኑ፡ ኣድራሻ ከረን 02 ኣካርየ፦ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣሚና ዓበ ተኽላይ

---

## ዘሐጉስ ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ




ንኹሉኹም ተማሃሮ 9ይ ፣ 10ይ ፣ 11ይ ከምኡ'ውን ንናይ 12ተ ሃገራዊ መርመራ እትዳለዉ ተማሃሮ ። "New Mathematics Part 1, New Mathematics Part 2 and New Mathematics Part 3" ዝርእስተን ሰለስተ መጻሕፍቲ ምስ እኹል መብርሂታት ፣ መላመዲታት ፣ ሕቶታትን ምስ መልስታቶምን ተዳልየልየናልኩም ኣለዋ ።

መም. ምሕረትኣብ ገብረመድህን tel.07121208

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# ERITREA
# Dekemhare 30 MW Solar PV Project
# Republished Specific Procurement Notice

### Supply of spare parts for rehabilitation of Genset 1 and 2 of Hirgigo power plant and of Substations

**IFB Number:** DSP/SPN/OCBI/05/2025
**Purchaser:** Ministry of Energy and Mines
**Contract title:** Supply of spare parts for rehabilitation of **Genset** 1 and 2 of Hirgigo power plant and of Substations
**Grant No.:** TSF-5900155017954/ADF-2100155042372
**Procurement Method:** Open Competitive Bidding (International) (OCBI)
**OCBI / LCB No:** DSP/OCBI/SRH/05/2025
**Issued on:** 22 Nov 2025

The Government of the state of Eritrea has received financing from the African Development Fund (ADF) hereinafter called the Bank toward the cost of Dekemhare Solar PV Project and intends to apply part of the proceeds toward payments under the Contract for the Procurement of Equipment for Rehabilitation of Substations as listed in the below table. For this contract, the Grant Recipient shall process the payments using the Direct Payment disbursement method, as defined in the Bank's Disbursement Guidelines and procedures for Investment Project Financing. The current SPN replacement of the SPN published on July 16,2025.

1. The Ministry of Energy and Mines (MoEM) now invites sealed Bids from eligible Bidders Supply of spare parts for rehabilitation of **Genset** 1 and 2 of Hirgigo power plant and of Substations.
2. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), (OCBI) method as specified in the Bank's Procurement Framework dated October 2015, and the IFB is open to all eligible Bidders as defined in the Procurement Framework.
3. Interested eligible Bidders may obtain further information from the Ministry of Energy and Mines (MoEM), **Mr. Tefferi Abraha - e-mail** tefferiab.pce@gmail.com during working days (Monday to Friday) and office hours 0900 to 1700 hours at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below.
4. The bidding document in English may be obtained free of charge by interested eligible Bidders upon registry at the e-mail address given at the bottom of the SPN/ IFBs below.
5. Bids must be delivered to the address below on or before 10:00 AM local time on January 23, 2026. Soft copy of bids will be required in addition to hard copies and should be submitted with the hard copy on the same date, however, Electronic Submission is not allowed. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below on 11:00 AM local time on January 23, 2026.
6. All Bids must be accompanied by a **Bid Security of USD 25,000**.
7. Attention is drawn to the Procurement Framework requiring the recipient to disclose information on the successful bidder's beneficial ownership, as part of the Contract Award Notice, using the Beneficial Ownership Disclosure Form as included in the bidding document.
8. The address referred to above is:
9.

**Client**: Ministry of Energy and Mines
**Attention**: Mr. Tefferi Abraha,
Director, Energy Resources Development and Project Manager
**Address**: Denden Street, No. 176, **Postal Address**: 5285, **Postal Code**: 174
**Telephone**: Tel: +291-112-5972, **Mobile**: +291-717-5327
**E-mail address**: tefferiab.pce@gmail.com
**City**: Asmara/ State of Eritrea

ኣነ ፍረወይኒ ባህረ ገብረኪዳን ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ "መንደፈራ' ከባቢ "ሓዳሽ ዓዲ "ፕሎት "4" ፓርሰል "B" ዝርከቡ ኣብ 500.00ት/ሜተር ዝተደኮነ ገዛ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት፡ 4BRMND004516/0 ብዕለት 23/09/2025 ብስም ኣደይ ሓጀር ተስፋጋብር ዝተመዝገበ ገዛ ኣደይ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ሳዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቀሪባ ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ'ሞ ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ፍረወይኒ ባህረ ገብረኪዳን

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ሃይማኖት ፍትዊ ዑቕባዝጊ፡ ኣደይ ኣሙተ ኣርኣያ ሃኪን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ያፌት ረዘ፡ ብፍ/በ/ ዕዳ ሳሚኤል ጺጋይ ጉብረስላሴ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ብፍ/በ/ ዕዳ ሳሚኤል ጺጋይ ጉብረስላሴ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ን11/12/25 ኣብ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሳባ ተስፋጋብር ዘራጸዮን ስም ኣደይ ደርግኣለም ሃብተሚካኤል ከምኡ'ውን ክብራ ሃብተሚካኤል ምግባል ተረፉ፡ ይብራሂኣለም ካሳሁን ሃይለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ክብሮም ጉብረሂወት ወልዱ፡ ኣቦይ ጉብረሂወት ወልዱ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ዓብዱራሕማን ኣደም ሕሙድ ምግባል ተረፉ፡ ኑታይ ሕሙድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኪዳ ገረዝሰስ ምግባል ተረፉ፡ ኪዳ ሹሓይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



## ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓይን ዛ

መቐጸልታ ናይቲ ክምህሮ ዝጸንሐ ቋንቋታት ዓረብን እንግሊዝን ሕጂ'ውን ንሓጋይ ብኽልቲኡ ቋንቋታት ክምህር ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ምዝገባ ከም ዝጀመረ ብሓጎስ የበስር። እንምህሮ ትምህርቲ በብደረጅኡ ን

- ጀመርቲ (Beginners)
- ማእከላይ (intermediate)
- ላዕለዋይ (Advanced) ኮይኑ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝጥዕም ጊዜ። ተወሳኺ ብናጻ ናይ Business English introductory Class ኣዳሊናልኩም ኣለና።
- ንዝያዳሓበሬታ፡- ሞባይል፡-07167768, 07347223, 07183179 ኣድራሻና ፡- ሜዳ ኤርትራ ፊት ሓወልቲ ፓስትቸርያ ጎኒ ኤሪተል እዩ። ቁ/ገዛ 66/68

ብድሓን ምጽኡ!



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## መበል 20 ክፋል

## ዛንታ

“ሓደ ቈልዓ እዩ ህይወተይ ቀይሩኒ ዘሎ። እዚ ቈልዓ ኣብ ህይወተይ ዝገበረይ ዓቢ እዩ። ሳላ'ዚ ቈልዓ'ዚ ድማ ኩሉ ሕማቅ ጠባየይ ጠፊኡ ኣሎ፡” ሰመረ ኑቲ ብገጽ ዘይፈልጦ ቈጃሕ ኣመስገኖ።

“እንታይ ትብል ወደይ ቈልዓስ ልዕሊ ባጥን ማማን ከረድኣካ ክኢሉ? ዘገርም እዩ! ከመይ ዓይነት ቈልዓ ድዩ?” ሓውቱ ኣዒንታ ኣፍጢጣ ተዛረበት።

“እዚ ቈልዓ'ዚ ህይወተይ ናብዚ እትርእይዎ ዘለኹም ተኣምር ዝለወጠ እዩ። ሓደ መዓልቲ ክትርእይዎ ተስፋ እገብር፡” ሰመረ ክነግሮም ስለ ዘይደለየ ስቕ በለ።

ብድሕሪ'ዚ ኩሎም ኣባላት ስድራ ወኻዕካዕ እናበሉ ዕላሎም ቀጸሉ።

* * *

ሳይሞን፡ ተለቪዥን እናረኣየ ምስ ስድራኡ የዕልል ነበረ። ንእሽቶ ሓውቱ ኣብ ጉድኒ ኮፍ ኢላ፡ ኣቦን ኣደን ኣብ ፊቶም ዘሎ ሳሎን ኮፍ ኢሎም፡ ምዕባይ ሳይሞን ኣብ መደቀሲ ክፍሊ ኮይና ተጽንዕ ነበረት።

ሳይሞን ብዛዕባ ሰመረ ይሓስብ ነበረ። ብኸመይ ናይ ክልቲኦም ርክብ ይዛዘሞ ብውሽጡ ሓሰበ። ሰመረ፡ ቈጃሕ ንሱ ምዃኑ



ምፍላጡ ከመይ ከምዘሰምዖ ክግምት ፈተነ። እቲ ዘገሙቶ ከስሕቖ እናደለየ ጸጺሒሑ ክምስ ይብል ነበረ።

“ሳይሞን ወደይ እንታይ ኴንካ ክምስምስ ትብል ኣለኻ?” ኣቦ ሳይሞን ንወዱን ጓሉን ብፍቕሪ እናጠመተ ተዛረበ።

“ዓንተወይ ኣብ ቤት ትምህርትና ዘዕለሉኒ ዕላል ዘኪረ እየ ዝስሕቕ ዘለኹ፡” ሃንደበት ስለ ዝኾነ ዝዛረቦ ጠፍኦ።

“ሓቁ ደኣ ሎሚ ቅነ ነጠፍጠፍ ክትብል ቀኒኻ ኢኻ። ካባና ዝሓብእካዮ ገለ ነገር ከምዘሎ ይርደኣኒ ኣሎ? ሓደ ዓቢ ዓርኪ ከምዝገበርካ ድማ ፈሊጠ ኣለኹ፡” ኣደ ሳይሞን ገለ ምልክታት ክትዕዘብ ስለ ዝቐነየት ሳይሞን ምስጢሩ ክነግሮም ደለየት።

“እ!” ሳይሞን ሰንበደ። “ንሱ ደኣ ገለ ዝሕግዘኒ እዩ፡” ኣቡቲ ጉዳይ ክዛድም ደለየ።

“እወ ሓደ ዓርኩ ብቐዳማይ ኣምጺኡ ነይሩ። ኣነ ደቂሰ ነይረ፡ ሸዑ ክኸይድ ርእየዮ። ኣብቲ ኣንጉሎ ድማ ኩሉ ግዜ እዮም ዘዕልሉ፡ ” ንእሽቶ ሓውቱ ኣብ መንጎ ዘረብኦም ኣተወት።

“እወ ንሱ ደኣ ዓርከይ እዩ። ንተሓጋገዝ ...ምሳይ ድማ ኩዕሶ ይጻወት፡” ሳይሞን ዝዛረቦ ጠፍኦ።

“ሕራይ ደሓን ክትነግረና ዘይደለኻ እንተኼንካ ጸገም የብሉን። ዝኾነ ነገር ኣብ ስድራኻ ከምዘይሕባእ ግን ዘክር፡” ኣቦ ሳይሞን፡ ሳይሞን ወዱ ክዋጠር ኣይደለየን።

“ባባ ሓቅኻ ኣለኻ። ካልእ ግዜ ክነግረኩም እየ፡” ሳይሞን ብዘረባ ኣቦኡ ደስታ ተሰመዖ። ቀጸሉ፥

“ኣነ ሸቓቕ በጺሐ ክመጽእ፡” ኣብታ ዝተጀመረት ኣርእስቲ ንኽሃድም ናብ ዓይኒ ምድሪ ከደ። ኣብ ዓይኒ ምድሪ ኾይኑ ድማ ኣበርቲዑ ኣስተንፈሰ። ብዛዕባ ሰመረ ንዝኾነ ሰብ ከይነግር ድማ ምስ ነብሱ ቃል ኣተወ። እዛ ምስጢር በይኑ ጥራይ ክዕቅባ ከም ዝኽእል ተገንዘበ።

* * *

ሰመረ፡ ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ መዓልቲ ድልያ ስራሕ፡ ኣብ ኣኽርያ እንዳ መስርሒ ጡብ ስራሕ ረኸበ። እቲ ንገዛ መስርሒ ዝኸውን ጡብ ዘስርሓሉ ቦታ ምሉእ መዓልቲ ምስ ሓመድ ምቅላስ እዩ።

ሰመረ፡ ኑቲ ስራሕ ብፍትወት ተቐበሎ፡ ተረጋጊኡ ድማ ብደስታ ክሰርሕ ጀመረ። ዝሰርሓሉ ሰዓታት ንግሆን ምሸትን ኮይኑ፡ ስልጣንያ ሐዙ ንግሆ ምስ ወፈረ ምሸት እዩ ናብ ገዝኡ ዝምለስ። ምስራሕ ጡብ፡ ምስካም፡ ሓምድ ናብትን ናብዝን ምባል፡ ኮታ እቲ ስራሕ ድኻም ስለ ዘሎዎ ተፈዲሱ ናብ ገዝኡ ምስ ኣተወ ንደገ ከይወጽአ፡ ሰለስተ መዓልቲ ኣሕለፈ። ኣብ ገዛ እንዳ ሰመረ፡ ሰላም ዓሲሉ መዓልታዊ ናይ ወኻዕካዕ ስፍራ ኾነ።

ሰመረ፡ ነፍስ ወከፍ መዓልቲ ብዛዕባ ዘለዓላ ብሽክለታ፡ ብዛዕባ እቲ ዘይፈልጦ ቈጃሕ፡ ብዛዕባ ሳይሞን እናሓሰበ ሓሙሽተ መዓልቲ ሰርሐ። ቀዳም ካብ ስራሕ ሰዓት 1፡00 ድሕሪ ቐትሪ ተፈዲሱ እናጐየየ ገዝኡ ኣተወ። ተሓጻጺቡ ምሳሕ ድሕሪ ምብልዑ፡ ክልተ ሰዓት ደቂሱ ድሕሪ ምትንሳእ ናብ ገዛ ባንዳ ከደ።

ኣብ ጐደና እይኮኖ፡ ዒላ በርዕድ፡ እምሓጀር፡ ዳርጋ ፍርቂ ሰዓት ዝኸውን ኮለል በለ። ሳይሞን ንኽመጽእ ብሃንቀውታ ተጸበዮ። ናብ ገዛ እንዳ ሳይሞን ከይዱ ከይጽውዖ ተሰከፈ። መውዳእታ ሳይሞን እንተዘይመጺኡ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበሮ ናብ እንዳ ሳይሞን ክኸይድ ምስ ነብሱ ተሰማምዐ። ኣብ ሓሳብ እንከሎ፡ ሳይሞን ምስ ድሙቕ ፍሽኽታኡ ናብኡ ገጹ ክመጽእ ረኣየ። ሓጐስ ተመሊኡ ክሳዕ ኣብ ጥቓኡ ዝበጽሕ ተጸበዮ። ኣብ ጥቓኡ ምስ በጽሐ፡ ክልቲኦም ድሙቕ ሰላምታ ተለዋወጡ።

ሳይሞን፡ “ሰመረ ጠፊእካ ገዛውትና ምምጻእ ገዲፍካዮ ደሓን ዲኻ?” ኑቲ ጸፊፉ ዝነበረ ክዳውንቲ ሰመረ ብዓይኑ መርመሮ።

“ሓቅኻ ስራሕ እንድየ ጀሚረ። ሎሚ ዕረፍቲ ስለ ዝረኸብኩ እየ መጺአ። ድሕሪ ሕጂ ክንደየናይ ከይንራኸብ። ብዓል ስራሕ ኮይነ ኣለኹ፡” ሰመረ፡ ንሳይሞን ብፍቕሪ እናጠመቶ ተዛረበ።

ይቕጽል...

# 20 ሕዳር ምስ ቈልዑ



ዝተፈተኹም ቈልዑ እንቋዕ ናብ “20 ሕዳር” ኣብጽሓኩም!

20 ሕዳር - ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ ብደረጃ ዓለም ንመበል 67 ኣብ ሃገርና ድማ ንመበል 34 ግዜኣ ትዝከር ኣላ።

ናይ ሎሚ ዓመት፡ **“ብሉጻት ቈልዑ መርኣያ ውሕሉል ኣልያ ወላዲ!”** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ተዘኪራ ውዒላ።

ንሕና ድማ ብምኽንያት 20 ሕዳር ኣብ ብስራት ቅድመ ትምህርቲ፡ ንተመሃሮ ንምዝንጋዕ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል ተሳቲፍና ነይርና። ኣብቲ ዝተኻየደ ጽንብል ምስ ተመሃሮ ኣዕሊልና ኣለና። መልሲ ናይቶም ቈልዑ ገሊኡ ዘስሕቕ፡ ገሊኡ ዘገርም እዩ። ካብቲ ዝገበርናዮ ዕላል ምስ ቈልዑ ናይ ውሑዳት ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ!

**መን ስምኪ፧**

ኢልሃም ኣወል።

**ክንደይ ዓመትኪ፧**

ዓመተይ ሓምሽተ ጥራይ እዩ።

**ኣበይ ትመሃሪ፧**

ኣብ ብስራት ቅድመ ትምህርቲ እመሃር።

ካልኣይ ዓመት ድማ እመሃር።

**ኣብ ቤት ትምህርቲ እንታይ ትመሃሩ፧**

ቡ፡ ቢጊሉ፡ ሱ፡ ሰዓት ሸ፡ ሸበጥ፡ ኩ፡ ኹ፡ 1፡ 2፡ 3

A: B: C: D ንመሃር ኣነ ድማ ኣንቢበን



ጽሒፈን እኽእሎ።

**ምስ ዓበኺ እንታይ ክትኮኒ ትደልዪ፧**

ምስ ዓበኹ ደኣ ኣዳላዊት መግቢ እየ ክኸውን ዝደሊ። ሸዑ ንባባ ንማማ ጥዑም መግቢ ኩብልያም እየ።

* * *

**መን ስምካ፧**

ኣሚናዳብ ፍስሃየ።

**ክንደይ ዕድመኻ፧**

ዕድመይ ኣርባዕተ እዩ።

**ኣበይ ትመሃር? እንታይ'ከ ትመሃሩ፧**



ኣብ ብስራት ቅድመ ትምህርቲ እመሃር። ኣብ ቤት ትምህርቲ ድማ በሰሸ፡ 1234፡ abcd፡ መዝሙር፡ ስነ ስርዓት፡ ጽሬት ንመሃር።

**ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን ኢኻ፧**

ምስ ዓበኹ ዶክተር ክኸውን እየ። ሸዑ ንዝሓመሙ እሕክሞም። ንዝሓመሙ እሕግዞም። ንባባን ንማማን ድማ ክሕክሞም እየ።

**ሎሚ እንታይ ኣለኩም፧**

ሎሚ መዓልቲ፡ 20 ሕዳር መዓልቲ ቈልዑ፥ መዓልትና እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ድማ ዘሚርና፡ ተጻዊትና፡ ፉንታ ሰቲና፡ ፓስተ በሊዕና። ኣነ ድማ ተሓጒሰ ውዒለ።

* * *

**መን ስምካ፧**

ኤፍሬታ ተስፋይ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ብስራት



ድማ እመሃር።

**ክንደይ ዓመትካ፧**

ዓመተይ ሓምሽተ እዩ።

**ንመምህርኪ ናይ ክንደይ ትፈትውያ፧**

ንመምህረይ ናይ ልበይ እፈትዋ። ንኹሎም ደቂ ክላሰይ እፈትዎም። ንስድራይ ናይ ልበይ እፈትዎም።

**ምስ ዓበኺ እንታይ ክትኮኒ ኢኺ፧**

ምስ ዓበኹ ፓይሎት ክኸውን እደሊ። ሸዑ ንባባ ንማማ ንኣሕዋተይ ሰማይ ሰማይ ከዘውሮም እየ።

* * *

ኣብ መወዳእታ፡ ንኹሉኹም ቈልዑ እንቋዕ ናብ መዓልቲ ቈልዑ ኣብጽሓኩም እናበልና፡ ኣብ ትምህርትኹም ክትነፍዑ ንላቦ። ዝመጽእ ዓመት ብሰላም የራኽበና።

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ሓ | ለ | ፈ | | ል | መ | ና | |
| ፋ | | ል | ክ | ዕ | | ት | ቦ |
| ር | ሃ | ጽ | | ል | ሳ | ና | |
| | ለ | | | | ር | | |
| ደ | ወ | ል | | ል | ማ | ድ | |
| ገ | | ን | ሓ | ፍ | | ን | ል |
| ል | ዋ | ም | | ን | | ና | ብ |
| | ጣ | | ሰ | ቲ | ት | | ሲ |

# ዘዕባ ሎሚ

# ጂኦፖለቲካዊ ርከሳ

## ህርፋን ኣፍደገ ባሕሪ - ጊልያ ምድንፋዕ ረብሓታት ኣሸቀልቲ

ሱልጣን መሓመድሰዒድ

(4ይን መወዳእታን ክፋል)

ሰበስልጣን ኢትዮጵያን ዕሱባት ልሂቃንን፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 3 ዓመት ክኻይድዎ ዝጸንሑ ዘመተ፡ ኣብ ሰለስተ ከፈልና ክንርእየን ንኽእል። ቀዳማይ ኒቲ ኩነታት ከም 'ሰግኣት ህላወ' ምቕራጽ (Existential framing)፣ ካልኣይ ዳግመ ምጽሓፍ ታሪኽ (Historic revisionism)፣ ሳልሳይ ምትሕውዋስ መሰላት (Conflation of rights)።

### 1) ስግኣት ህላወ

ዘይክሓድ ሓቂ፡ ወደባት ኣብ ጉዳይ ሎጂስቲክስ ቀረባትን ዕዙዝ ተራ እዩ ዘለወን። እንተዀነ ግን ወደብ ዘይምህላው ምስ ኩነት ህይወትን ሞትን ምድራግ፡ ኒቲ ሓይሊ ሓዊስ ክወርር እየ/ሰጉምቲ ክወስድ እየ ዝብል ኣንደበት፡ ምኽኑይ ንምግባር ዝዓለመ እዩ። ገለ ካብቲ መራሕቲን ዕሱባት ልሂቃንን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝሀብዎ መግለጺታት፥

- "ሕቶ ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ሃገራዊ ህላወ ጉዳይ እዩ።"
- "ቀይሕ ባሕርን ግድብ ኣባይን፡ ኣብ መጻኢ ኢትዮጵያ ወሰንቲ እዮም። ኣብ ምምዕባል ወይ ምጥፋእ ኣበርክቶ ዝገብሩ እዮም።"
- "ኢትዮጵያ ዕጽውቲ ሃገር ክትከውን ፍትሒ ኣይኮነን።"
- "ኢትዮጵያ ዕጽውቲ ሃገር ኩይና ኣይክትነብር እያ። ፍትሒ እንተ ሰኢንና፡ ናብ ስሉመንት ሓይሊ ክንኣቱ ኢና።"

እዚ ሃዳድን ዝንቡዕን ኣበሃህላታት'ዚ ንግርጭት ዝደፍእ ወሸጣዊ ሓብራዊ መረዳእታ ንምፍጣር ብሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ድማ ኢትዮጵያ ንልኡላውነት ጎረባብቲ ሃገራት ከም ቀንዲ ብድሆ ናይ ህላወኣ ትቖጽሮ ምዃና ንምርኣይ ዝዓለመ እዩ። እዚ ናይ መንግስቲ ብልጽግና ናይ ቅብጸተ-ተስፋ ምንቅስቓሳት ብኸም ኢማራት ዝኣመሰሉ ናይ ደገ ሓይልታት ብልክዕ ምስ ተመዛዚ ከኣ እዩ፡ ኒቲ ናይ ኢትዮጵያ ናይ 'ህላወ ስግኣት' ተባሂሉ ዝተጠመቐ ናይ ይምሰል ሽግር መፍትሒ ዝብልዎ ክቐርቡ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ወደባት ምግባት ኣጀንዳ ከሰዕቡ ንኢድ ኣእታውነት ባብ ዝተራሕወሎም። ናይዚ ጉዳይ ፍሩይ ኣብነት፡ እቲ ኣብ ባሕቲ ጥሪ 2024 ዝተኸተመ ፍሹል ናይ መረዳእታ ማዘከርን ድሒሩ ዝሰዓበ ምንቅስቓስ ኢማራት ኣብ ወደብ በርበራ ናይ ሶማሊያን እዩ።

### 2. ዳግመ ምጽሓፍ ታሪኽ

ሰበስልጣንን ዕሱባት ልሂቃንን ኢትዮጵያ፡ "ቀይሕ ባሕሪ ተፈጥሮኣዊ ዶብ ኢትዮጵያ እዩ፣ ኢትዮጵያ፡ ንዘመናት እታ ዝዓየለት ናይ ባሕሪ ሓይሊ እያ ነይራ፣ ንጎምጎም ቀይሕ ባሕሪ ዘጥፍአ ታሪኽ ክኣረም ዘለዎ በደል እዩ" ብዝብሃሉ ብሂሎታት፡ ኒታ ድሕሪ ምምስራት ሃገረ ኤርትራ ከም ሃገር ዝተመስረተት ኢትዮጵያ፡ ናብ ቅድመ መግዛእቲ ዝነበረ መዋእል ክመልሱዋ ዝጸልቱ ዘለዉ። ክምስሉ፡ ኒቲ ሒዙቶ ዘላ ስም ከይለበሰትን ህሉው ጂኦግራፍያዊ ክላን ኣብ ዘይነበረሉ ሃጺያዊ መድረኽ ዝነበረ ካልእ ክዉንነት ብምልዓል፡ ናይ ጎምጎም ባሕሪ 'ባህርያውን' 'ታሪኻውን' መሰል ብዘሰመዩዎ ዲስኩር፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዓለምና እትመሓደረሉ ዘመናዊ ኣህጉራዊ ሕጊ ልዕልና ናይ ጽውጽዋያዊ ትረኻኦም ክርእዩ ህርድግ ይብሉ ኣለዉ። ናይቲ ኣብ ሻምናይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ጽልዋ ንግስነት ኣኽሱም ምስ ሕጋዊ መሰላት ዘመናዊት ኢትዮጵያ ምትእስሳር'ውን ሓደ ካብቲ ንሰማዒ ዘደንጽወ ምትሕውዋሳት እዩ።

እዚ ኣበሃህላታት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ መሰላት ጥራይ ኣፍልጦ ዝሀብ ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ጂኦፖለቲካዊ ጠለብ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። እዚ በቲ ንታሪኽ ዳግም ምጽሓፍ ዝብል ኣምር ዝሰነ መርሓ፡ ኒታ ወደባት ብምቁጽጻር ጉብለል ናይ'ዚ ጉደቦ ክትከውን ዝሓለነት ኢማራት፡ ሳዕለዋይ ኢድ ከም እትሕዝ ይገብራ። ኢማራት ምስታ ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ዘይተዋህባ ኣካል ሶማልያ ዝኾነት ሶማሊላንድ እትገብሮ ሕቱኽቱኽ ሓደ መርኣያ ናይዚ ኩነታት እዩ።

### 3. ምትሕውዋስ መሰላት

ልሂቃን ብልጽግና፡ ኣብ ሕጋዊ ትርጉም ዓንቀጻትን መትከላትን ኣህጉራዊ ሕጊ ዘለዎም ኣመለኻኽታ መርኣያ ኣብድነቶም እዩ። እዚ ብኻልእ መልክዑ፡ ሕጋዊ ምትላል ይበሃል። ምኽንያቱ ኣብ ዓንቀጻት ሕጊ መሰል ተጠቃምነትን መሰል ዋንነትን ንጹር መፈላለዩ ሕንጻጽ ዝተቐመጠሎም ጉዳያት እዮም። እቲ ኣህጉራዊ መስመር ባሕሪ (High Seas) ናይ ደቂ ሰብ ሓብራዊ ወርሻ እዩ። ምኽንያቱ ክንጾ ርሕቀት ክሊ ግዝኣት ሃገር ስለዝኾነ ንዝብል ትርጉም፡ "ቀይሕ ባሕሪ ናይ ደቂ ሰብ ሓብራዊ ወርሻ እዩ" ብዝብል ክትርጉሙዎ ኣይተሓንኩን። ድሕሪ እዚ ክልሱ-ሓሳብ'ዚ ዝሰዕብ ድማ፡ "ኢትዮጵያ ኣብ ምሕደራ ቀይሕ-ባሕሪ ክትሳተፍ ኣለዋ" ዝብል ድርብ ልኡላውነት ዝግህስ መግለጺ እዩ። ከምዚ ዓይነት ምትሕውዋሳት ሰበ-






ስልጣን ኢትዮጵያ ብዝተመልከተሉ ካብ ዘካይድዎም ማይ ዘየዕቁሩ ኣጀንዳታት እዮም።

ዕላማ ናይዚ ኣጀንዳ'ዚ፡ ብቐንዱ ኒቲ ኣብ መንነ እቲ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊ ባሕሪ ሰረት ዝነበረ ንመሰል ተጠቃምነት ዝምልከት ዲፕሎማስያውን ንግዳውን መፍትሒታትን ልኡላውነት ዕሸሸ ዝብል ጠለብ ግዝኣታዊ ክሊን ዘሎ መፈላለዩ መስመር ንምድብዛዝ ዝዓለመ እዩ። ዝ ብሰላማውን ዲፕሎማስያውን ኣገባብ ክትግበር ዝከኣል መርሓ፡ ብኻልእ ሰላም ዝዘርግ ጸወታ ንምትካእ፡ ኒቲ ሕጋዊ ምድኅባቐ ዚያዳ ምኽኑይ ንምግባር ድማ እያ፡ ኢማራት ኣብ ቅድሚት ተሰሊፋ ኒቲ ጂኦፖለቲካዊ ቀማር ኣብ ምምዋልን ምውህሃድን ትሰርሕ ዘላ።

### ኢትዮጵያ ረጊጻቶ ዘላ ሓዲድ ናበይ'ዩ ክወስዳ፧

ሕመረት መልእኽቲ ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ፡ ዕድል ናይ መራሕቲ ዝዩብላ ኢትዮጵያ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ቃራና መገዲ ከም ዘላ ዝእንፍት እዩ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ትሕቲ ግዙፍ ኣጀንዳ ኢማራት ዓረብ ኣዕቂልካ ዝውጻእ ሽግር ዘላቒ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን እቲ ኢማራት ዝመረጸቶ ጸወታ-ቅማር ንኢትዮጵያ ዓቕሚ ኣይኮነን። እቲ ዝሰፍአ ሃገሩ ድማ ክንጾ ክፍጠር ዝኽእል ዝዓበየ ሃገራዊ ሓደጋ፡ በዚ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲታት፡ ኒቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘድሊ ዲፕሎማስያዊ ዓወት፡ ዘላቒ ልምዓት፡ ዘድሊ ጸጋታትን ተኣማንነትን ድሕሪ ሕጂ ሃሰስ ኢልካ ከም ዘይርከብ ይገብሮ ምህላዉ እዩ።

ብሕጽር ዝበለ መጻኢ ዕድል ኢትዮጵያ፡ ብክልተ መጸዕራት ክርአ ይከኣል። ብውሽጣውን ዞባውን ፖለቲካዊ ስትራተጂን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ጽልዋ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን እናተራእዩ። ምኽንያቱ ኒቲ ግዙፍ ዕላማ ኢማራት ዓረብ ካብ መተግበሪ ወጥን ዝኾነ ጂኦፖለቲካዊ ሜላ ሓደ፡ ኣብ ዞባ ወሀዱ ማእከልን ልኡላዊ ትካላት ዘለወን ሃገራትን ንኸይቅልቀላ ብንጥፈት ምስራሕ እዩ። ኢትዮጵያ'ውን ብጉልባብ ብቕዕቲ መሻርኽቲ ቀዳመይቲ ዕላማ ናይዚ ኣጀንዳ'ዚ እያ። እዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ቀጠባዊ ጽግዕተኛነት ኣቕሚጡ፥ ዘይቅርዐውይ ፖሊሲ ወጻኢ ከም ትሕንጽጽ ዝገበረ፡ ከም ወጽኢቱ ናብ ቀጻሊ ሓደጋ ውሽጣውን ዞባውን ግርጭታት ዘምርሓ እዩ።

ብዞዕባ እቲ ዝጸንሐ ናይ ብሄራዊ ፌደራሊዝም ሕጽረታት ከይዳህሰስና፡ እቲ ንዕኡ ብምትካእ ዝተፈጥረ ሰልፊ ብልጽግና፡ ዝፈጠሮ ዓሚቝ ወጥሪ ናይ ሕጊ መንግስቲ ኣብ ከም ብዓል ኦሮምያን ኣምሓራን ዝኣመሰሉ ህዝቢታት ዘሰዓቦ ቅሬታ ዕጥቃዊ ተቓውሞታት ክሰንብብ ኣኽኢሉ እዩ። እዚ ዝቐጽል ዘሎ ግርጭታት ኒታ ሃገር ናብ ቀልቀል ዝወስደን ዕንክሊል ዘይምርግጋእ ዝፈጥርን እዩ። ከም ወጽኢቱ ኣብ መጻኢ ስልጣን ፈደራላዊ መንግስቲ ኣዳኺሙ ናብ ምብትታን ክመርሕ ወይ'ውን ክፍታሕ ዘጸግም ጸጥታዊ ብድሆታት ከስዕብ ይኽእል።

መንግስቲ ብልጽግና፡ ዝ ናብ ባሕሪ ምብጻሕ ዝብል ኣጀንዳ፡ ማዕረ ተልእኾ ናይ ኢማራት፡ ካልእ ብውሽጣዊ ብድሆታት ዝተቐርጸ ኩነታት ንምትህድዳእ ይጥቀመሉ እዩ። እዚ ኒቲ ዝተፈጠረ ቅሬታታት ንምዝንባል፡ ሓደ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ንምፍጣርን ዝጥቀመሉ መተኣኻኸቢ ወይ መተዓረቒ ስትራተጂ ሃገራዊ ፕሮጀክት እዩ። እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ኒቲ ማዕበል ንግዚኡ ክረጋግኦ ይኽእል እዩ። እንተዀነ ግን ዞባዊ ጉንጺ ዘልዕልን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱን ክሳብ ዝኾነ ዘላቒ ኣይኮነን።

እቲ ካልእ ዝዓበየ ብድሆ፡ ኢትዮጵያ ይትረፍ ናይ ምስፍሕፋሕ ህርፋና ክተርዊ ምስ ጎረባብቲ ብወተሃደራዊ መዳይ ክትገጥም፡ እቲ ንተኸታተልቲ ዓመታት ዝኸይድ ዘሎ ወሽጣዊ ግርጭታት ንወተሃደራዊ ዓቕሚ ዝተፈታተኖ ኩነታት ኣኺሉ ዝተረፉ ሃገር እያ። እቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ወሽጣዊ ግንባራት ዝዋጋእ ልዕሊ ዓቕን ዝዘርግሐ ሰራዊት ብልጽግና፡ ናብ ኤርትራ ይኹን ሶማልያ ወደብ ንኽጥሕዝብት ክዘምት ዘኽእል ቀመና የብሉን። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ እቲ ዝተናውሐ ኩናት፡ ንዓቕሚ ኢትዮጵያ ክሳብ ክንደይ ተፈታቲንዎ ኣሎ፡ ካብ ልሳን ጀነራላትን ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝወጸእ ዘሎ ካብ ራዕድን ስክፍታን ዝመንጨወ ፈኸራ ርእሰ ግሉጽ እዩ።

መራሕቲ ብልጽግና ክሳብ ክንደይ ብህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይተሓስቡ ምዃኖም ዘርኢ ካልእ ዕሽነት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት ዝሰድዎ ዘለዉ ዘይእዱብ ዘረባታት እዩ። ከምዚ ዓይነት ጠገለ ዘይብሉ ዘመተ፡ ዝ ዞባ ናብ ዝኸኣሰ ዘይምርግጋእ ወሰዶ፡ ዋላ'ውን ኒቲ ልዕሊ 90% ንግዲ ናይ ኢትዮጵያ ጸዩሩ ዝኸይድ ዘሎ ወደብ ጅቡቲ ንምዕጻው ዘበጽሕ ኩነታት ክፈጥር ከም ዝኽእል ደስወጥም የለን።

እዚ ድማ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝኸፍአ ሽግር ዘሎጕርን ዘይጸወርን እዩ ክኸውን።

### ስትራተጂያዊ ክሳራ ኢትዮጵያ

ምብዛሕ ምኽንያታት፥ እቲ ኢትዮጵያን ደቡብ ሱዳንን ንወደባቲ ከተማ ፖርትሱዳን ከም ትራንዚት ንግዳዊ ኣማራጺ ክጥቀማሉ ዝነበረ ምቹእ ተኽእሎ፥ ኩናት ሱዳን ምስ ምዕራት ማህሚኑ ተረፉ ኣሎ። እዚ ኢትዮጵያ ኣቐዲማ ኒቲ ብሰላማውን ዲፕሎማስያውን ኣገባብ ክትረኽቦ ትኽእል ዝነበረት ማሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ ኤርትራ፥ ጽውጽዋያዊ ትረኻ ሓጺ ናይ ዋንነት ማሰል ንምርካብን ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ወረርካ ንምሓዝን ኣብ ዘንቀደ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ምስፍሕፋሕ ኣተኩራ ትሰርሕ ብምንባራ፥ ኒቲ ተኽእሎ ብጒጁ ፍቓዳ ዓጺያቶ ምንባራ ዝዘከር እዩ።

እዚ ልዒሉ ዝተገልጸ ብምዕጻው ወደብ ፖርትሱዳን ዘጋጠመ ምዝንባዕ ኒቲ ኢትዮጵያ ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዝጸንሓ ጽግዕተኛነት ዘጋድድ ብምዃኑ፥ ልሂቃን ኢትዮጵያ ዘላቒ ፍታሕ ኣብ ክንዲ ዘናድዩ፥ ኒቲ ኢትዮጵያ ዘጋጠማ ስትራተጂያዊ ተቓላዕነት፡ ትረኻታት ኣብ ምጭምጫሕ ወፊሮም። ቀጺሉ ዝሰዓበ ጉዳይ እንተሎ፥ እቲ ንወደብ በርበራ ዝምልከት ምስ ሶማሊላንድ ዝተኸተመ ኣዝዩ ሓደገኛን ዝዘይምርግጋእ ዞባ ናብ ዝኸኣሰ ደረጃ ዝመርሐን ስምምዕ እዩ። ብኣበሃህላ ልሂቃን ኢትዮጵያ፡ እቲ ሓደገኛ ስምምዕ ኒቲ ዘጋጠመ ቅልውላው ንምፍታሕን ሃገራዊ ጠለባቶም ንምምላእን ዝተኣትወ ምዃኑ ይገልጹ፥ እዚ ግን መድለዩ'ዩ፧

ኣቓልቦ ካብ ወሽጢ ናብ ደገ ምውሳድ፡ - ኩናት ሓድሕድ ሱዳን ዝወለዶ ስብኣዊ ቅልውላው፥ ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝዕየድ ዘሎ ወሽጣዊ ግርጭታት ተደሚሩ፥ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ ከም ሓያል ሃገራዊ ጉዳይ ክጥቀመሉ የኽእሎ። መንግስቲ ንእለቫ ወደብ፥ ከም ሃገራውን ናይ ህላወ ተልእኾን ብምቕራጽ፡ ህዝባዊ ደገፍ ክረኽበን ኒቲ ኣብ ባይታ ብዓውታ ዝጓዘም ወሸጣዊ ፖለቲካውን ቀጠባውን ቅልውላዋት ከም ዘየለ ንምምሳል ንህዝቢ ከዕዝዞን ይኽእል።

ኣብ መደምደምታ፡ እታ ኣብ ዞባና ብዝበዝሐ ህዝቢ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እትስራዕ ኢትዮጵያ፡ ኣንፈታ ናበይ እዩ ሰንደልደላ'ኸ ንኩነታት ዞባ ብኸመይ ክጸልዎ እዩ ከምቲ ልሂቃናታ ዝበልዎ ዶስ ዋላ ብኣንጻሩ እዩ ኢትዮጵያ፡ ብሰንኪ እዞም ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘለዉ መራሕታ፡ ኣብ ወሳኒ መድረኽ እያ ትርከብ ዘላ። በቲ 'ንሕና ምዕባላትን ተዓጻጻፍትን ኢና' ኢሉ ዝሓስብ ኣእምሮኦም ኣብሎም ንዘይፍጸም መብጽዓታት ግዳማዊ ጂኦፖለቲካዊ ወጥን ኩላፍሱን ዘይፍጸም ረብሓታቱ ክድምሩን ብሓደ ወገን፥ በቲ ካልእ ከኣ ንግዚኡ፥ እቲ ካልእ ዝዓበየ ተሰፋ ክሳብ ዝፍጸም ናይ 10 ቢልዮን ግምቢ ቤተ-መንግስቲ ክሃንጹን ዘብለጭልጭ ከሪደር ልምዓት ከመርቑን ክብሉ፥ ናይ ገዛእ ሃገሮም ልኡላውነት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእትዉን ንመላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዚያዳ ዘይርጋጋእን ንግዳማዊ ረብሓታት ዝገዝእ ሓደገኛ ሞዴል ምዝንባል ከምጻእሉን እንተ ዘይከይዶም ዘዋጽእ መገዲ ኣይኮነን።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃ ማ ደ ኤ

## ብዓልቲ ሓዳር

ሚርያም የሴፍ

ሰራሕተኛታት ሓደ ትካል፡ ኣብቲ ሰዓት 8 ንግሆ ዝጅምር ኣኼባኦም ንኽሳተፉ ተኣኻኺቦም ነበሩ። ሓደ ኣባሎም ገለ ደቓይቕ ደንጊዩ ናብቲ መኣከቢ ክፍሊ ተጸንበረ'ሞ፡ “ደንጊናኩምዶ'ታ፧ ቈልዑ ናብ ትምህርቲ ከብጽሕ እንደየ ጸኒሐ” ኢሉ ይቕረታ ብምሕታት ናብቲ እኩብ ሰብ ተጸንበረ። በዚ ኣብሉ ድማ ኣኼባ ክሳብ ዝጅምር፡ ኣብ መንጎ እቶም ሰራሕተኛታት ሓጺር ዕላል ተኸፍተ።

“ቈልዑ ናብ ቤት ትምህርቲ ንሸኻ ተብጽሖም ደኣ፧ ብዓልቲ ቤትካ የላን ድያ? ዝብል ሕቶ ካብ ሓደ መሳርሕቱ ቀረበሉ።

“ብዓልቲ ቤተይ ኣላ፤ ግን ንሳ'ውን ሰራሕተኛ መንግስቲ ስለዝኾነት፡ ንግሆ ኣነ ከብጽሖም'የ ሰምሚዕና፡ ፋዱስ ምስ ተፈደሰት ድማ ባዕላ ናብ ገዛ ሒዛቶም ትኣቱ” ክብል ነቲ ኣብ ቤቱ ዘሎ ልምዲ ኣዕለለ። ኣስዒቡ ኣብሉ ድማ፤

“እዚ ዓርኩ ኑቶም ንኣሸቱ ደቕኻ መን ደዩ ትምህርቲ ዘብጽሖም?” ሓተተ።

“ኣይ ኣነስ ብዓልቲ ቤተይ ሰራሕ ስለ ዘይብላ ንግሆ ባዕላ እያ ተብጽሖም።”

“ድሕሪኡ ኣብ ምምላሶ'ከ?

“ድሕሪኡ ደኣ ገዛ ተመሊሳ፡ ገዛ ኣጸራርያ፡ ምሳሕ ሰሪራ፡ ፋዱስ ምስ ኣኸለ ከኣ ባዕላ ትመልሶም፡ ምኽንያቱ ብዓልቲ ቤተይ ሰራሕ የብላን” ሓታቲ ኣንፈት ናይ'ቲ ዕላል ብምርዳእ ከሳ ኢሉ ሕቶታት ምሕታት ቀጸለ።

“ቀትሪ ገዛ ምስ ኣተኹምከ?”

“ፋዱስ ከኣ ንኸልና ኣምሲሓ፡ በኣይ ኣሰትያ፡ ንዓይ ኣፉንያ፡ ድሕሪኡ ደፋእ ኢላ ዝበኣዕናሉ ኣቑሑ ትሓጽጽብ። ምኽንያቱ ሰራሕ ክወፍር እየ ኢላ ተቡተብ ዝበል የብላን። ምሸት ከኣ ቈልዑ ዘለዎም ዕዮ-ገዛ ኣሰሪሓ፡ ኣዳረራ ተደቓቕሶ። ንጽባሒቱ ድማ ንደቅና ናብ ትምህርቲ ንዓይ ድማ ናብ ሰራሕ ኣፋንያ እቲ ልሙድ ናብራኣ ትገብር።” ብምባል መለሰ።

ሓታቲ ጸን ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፤

“ኢታ ዓርኩ ብዓልቲ ቤተይ ሰራሕ የብላን ትብልሲ እዚ ኩሉ ትዝርዝሮ ዘለኻ ዕዮ ደኣ እንታይ ደዩ? ገጢሙ ሓንዳይ ዶስ ኣይደራረሰ። በዚ ዝገለጽካዮ፡ ብዓልቲ ቤትካ ዘይኮነ ንሸኻ ኢ'ኻ ሰራሕ ዘይብልካ። ኣብዚ ትካል ትገብሮ ንጥፈታት ተደሚሩ ክንዲ ርብዒ ናይቲ ብዓልቲ ቤትካ ኣብ ገዛ ትሃልኮ ኣይከውንን እዩ። ስለዚ ብዓልቲ ቤትካ ሰራሕተኛ እያ፡ ሰራሕ ድማ ኣለዋ፡” ክብል መለሰሉ።

ዘቤታዊ ዕዮ፡ ዓመታዊ ዕረፍቲ ኮነ ናይ ምፍዳስ ሰዓታት ዘይፈሊ ቀሊል ዘይኮነ ሰራሕ እዩ። ብዙሕ ግዜ ነተን ኣብ መንግስታዊ ኮነ ግላዊ ትካላት ተቖጺረን ዘይሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ፡ ‘ሰራሕ የብላን’ ብዝብል ቅጽል ኢና ንገልጸን። ከም ግቡእ ግን ሰራሕ ዘይወፍራ ደቂ ኣንስትዮ ‘ብዓልቲ ሓዳር’ ዝብል ንሞያአን ብጽፉእ ዝገልጽ ስያመ ኣለወን።

ኣብ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት፡ ብዓልቲ ሓዳር፡ ከም ኣላዪት ገዛ ወይ ኣብ ገዛ እትጸንሕ ኣደ ብምባል ይገልጻ። ብልምዲ ካብ ገዛ ወጻኢ ኣብ ደሞዝ ዝኽፈል ሞያታት ከይተዋፈረት ኣብ ገዛ ዕዙዝ ተራኣ ትጻወት። ምእላይ ገዛ ጽሬት፡ ምድላው መግቢ፡ ምሕደራ ንብረት፡ ምሕደራ ባጀትን ወጻኢታትን፡ ምንባይ ቈልዑ፡ ምእላይ ኣባላት ስድራቤት፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ዕማማት ድማ ተሰኪማ። ጥዕና ዘለዎ ስድራቤት ኣብ ምምስራት ዘድልዩ መሰረታዊ ነገራት ድማ ተዋድድ።

ኣብ ታሪኽ ተራ ብዓልቲ ቤት ኣብ ዘቤታዊ ዕዮ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። መብዛሕትኡ ግዜ ንገዛ ዝኸውን ኣቑሑ ምስራሕ፡ ምስራሕ ክዳውንቲ ወይ ማእለሚ ሕርሻዊ ንጥፈታት ምስልሳል ዝጠቓልል እዩ ነይሩ። ኣብ መበል 19ን 20ን ክፍለ ዘመን ምስ ምምዕባል ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ድማ ቁጽሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ጸላሉታት ተዋፊሮም ዝሰርሑ ደቂ ተባዕትዮ እናዓበየ መጽኡ። እቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘቤታዊ ዕዮ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣብ ሰራሕ ዝብል ዝጸንሐ መረዳእታ ድማ ዝያዳ ድርዒ ብምውሳኹ ወዲ ተባዕታይ ኢታዊታት ከኻዕበት ጓል ኣንስተይቲ ድማ ዘቤታዊ ንጥፈታት ከተሰላስል ዝያዳ ድርኺት ፈጠረ።

ተራ ብዓልቲ ሓዳር (ወይ ብሰፊሑ፡ ደሞዝ ዘይብለን ኣደታት) ዋላ እኳ ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ግቡእ መዐቀኒ ዘይወጸሎ እንተኾነ፡ ኣብ ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ዘለዎ ተራ ግን ቀሊል ኣይኮነን።

ካብቲ ዘለዎ ቀንዲ ቁጠባዊ ኣበርክቶ ሓደ ኣልያ ዘቤታዊ ንጥፈታት እዩ። እዚ፡ እቲ ዝዓበየ ትርጉም ዘለዎን መብዛሕትኡ ግዜ ግን ዕሽሽ ዝበሃለን ኣበርክቶ እዩ። እዚ ገንዘብ ዘይክፈሎ ጉልበት ንመላእ ሓይሊ ናይቲ ሕብረተሰብ ዝድግፍ ኣገዳሲ ክፋል እዩ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ክዕደጉ ወይ ሰራሕተኛ ብምቑጻር ክስላሰሉ ዝጠልብዎ መጠን ገንዘብ ብዙሕ እዩ።

እዚ ብደሞዝ ዘይዕቀን ዕማማት ደቂ ኣንስትዮ፡ ዘለዎ ቁጠባዊ ዋጋ ንምምማት መጽናዕታት ይካየድ እዩ። ብመሰረት ዓለማዊ ውድብ ዕዮ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ዘቤታዊ ዕዮ፡ ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ናይ ሓንቲ ሃገር ካብ 10 ክሳዕ 40% ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። ኣብ 64 ሃገራት ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣብ ኣልያ ዘቤታዊ ሰራሕ ዝጠፍእ ግዜ 16.4 ቢልዮን ሰዓታት እዩ። እዚ ማለት 2 ቢልዮን ሰባት 8 ሰዓታት ንመዓልቲ እናሰርሑ ዝሸፈኑ ዕማም እዩ። ብዘውሓደ ክፍሊት እንተ ተሓሲቡ ድማ 11 ትሪልዮን ዶላር ይትመን።

ተራ ናይዘን ደቂ ኣንስትዮ ክሽዑ ቁጠባ ኣብ ማሕበራዊ መዳይ'ውን ዓቢ እዩ። ስድራቤት እታ መሰረታዊት ኣሃዱ ሓደ ሕብረተሰብ ከም ምዃና መጠን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምህናጽ ብኹልንትናኣ ጥዕይቲ ስድራቤት ዝጻወታኦ ተራ ዕዙዝ እዩ። ብኹሉ መዳዩ ክርእ ከሎ ኣብ ቤተን ብዝተማኩሮ ዘጥርያኦ ሓያል ናይ ምሕደራ ፍልጠት፡ ዓንዲ ሕቖ ሕብረተሰብ ብምዃን እዩ ዘገልግል። ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምሕደራ ዘለወን ክእለት ንምግላጽ ብሓደ ኣቦ ዝተዋህበ መግለጺ ኣሎ።



ናይ ምሕደራ ትምህርቲ ዝወሰዱ ዝበኩ መንእሰያት፡ ሕብረተሰብ ንዘጥቀምሉ ጥንታዊ ኣገባብ ምሕድራ ብዝምልከት፡ መጽናዕቲ ንምክያድ ናብ ሓደ ዓዲ ከዱ። ምስ ኣቦታት ናይቲ ዓዲ ኣብ ዝገበርዎ ዝበኩ ዝርርብ ድማ፡ ሓደ ኣቦ ኣብ መዳይ ምሕደራ ብዙሕ ናይ ምዕራብ መወከሲታት ከም ኣቦት ከጥቀስ ኣስተብሃሉ።

እዚ ብዘቕረበ ኣቦት ኑቶም መንእሰያት ንምርዳእ ድማ፡ “እዞም ደቀይ ወዮ ደኣ ሉሚ መወከሲ ናይ ትምህርትኹም ኩሉ እዞም ጸዓዱ ዝጸሓፍዎ መጻሕፍቲ ኮይኑ እምበር፡ ከም ግቡእሲ ናይዚ ትምህርትኹም ቀንዲ መወከሲ እዘን ኣብዛ ህድሞ ዘውዕላ ኣደታትኩም እየን። ናብዛ ህድሞ እትው ምስ በልኩም ኣብቲ ኩቢሒ ብዙሮሮኡ ዝተሰርዐ ናውቲ ገዛ ትረኽቡ። እዚ ኣብ ኣተዓቓቕባ ንብረት ዘለወን ሓደ ዓቢ ክእለት እዩ። ኣየናን ኣቕሓ ኣበየናይ ቦታ ይቕመጥ፡ ንምንታይ የገልግል፡ ብኸመይ ይቕመጥ፡ ንኽንደይ ዝጸንሕ ዕምሪ ኣለዎ . . . ብውዱን ዝኾነ ኣገባብ ሰሪዐን ኑቲ ገዛ መልክዕ የትሕዝኦ። ንሕና ዝኾነ ንብረት ደሊና ንምርካብ ኣዚና ኢና ንሽገር። ከም ናተን ክእለት የብልናን።

“ኣብ ምሕደራ ግዜ'ውን ብዓል ቤተን ናብ ስራሕ ዝወፍረሉ፡ ደቀን ናብ ትምህርቲ ዝስዱሉን ዝቕበሉሉን መዓልታዊ ናይ ቤተን ዕዮ ዘሰላስላሉ፡ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት ናይቲ ሕብረተሰብ ዝሳተፋሉ ግዜ ኣማሕዲረን ንኹሉ ድማ ብግቡእ የሰላስላ።

“ንሱ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ሰብኣይ ወፊሩ እኽሊ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ኣንስትና ግን ከጽእኡ ዝኸይድ ተራ እዩ ዘለወን። ቀለብ ስድራቤት ንኽንደይ እዋን የካይድ፡ ብኸመይ ይተኣኻኸል፡ መዓስ እንታይ ይግበር ብምጽናዕ ውሕሉልን ቁጡብን ዝኾነ ምሕደራ ዝመልኻ እየን። ኣብ ቤተን ንዘሎ ትሕዝቶ ኣተኣኻኺለን ከኣ ኣባላት ስድራ ቤተን ይቕልባ። ትሕዝቶ ይውሓድ ይብዛሕ፡ ጠምዩ ዝሓድር ኣባል ስድራ ቤት ድማ የብለንን።

“ኣንስትና ልዕለና ስምዒታት ናይ ምምሕዳር ክእለት'ውን ኣለወን። ኣብ ገዛ ብዝሕልፍኦ ግዜ ደቀን ዘለዎም ባህሪ ብዝዮጵእ ፈሊጠን ከምቲ ዘለዎም ባህርያት፡ ስምዒታቶምን ድልየታቶምን የማልኣ። እዚ ዝመጠነሱ'ውን ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ንዘፍጠር ግርጭታት ግቡእ ኣልያ ብምግባር ሰላምን ርግኣትን ናይቲ ስድራ ቤት ይሕልዋ። እዚ ሓያል ክእለት ዝሓትት ናይ ምሕደራ ዓቕሚ እዩ።

“ብዘይካ ኣብ ቤትን ኣብ ንጥፈታት ናይቲ ሕብረተሰብን ዘለወን ተራ'ውን ካብዚ ዝተገልጸ ዘይሰጉፍ እዩ። ዝኾነ ናይ ወፈራ ንጥፈታት ኮነ ውራያት ብዘይ ብኣኣን ኣይምዕርግን ጥራይ ዘይኮነ ብመሰረቱ ኣይግበርን'ውን። ስለዚ እዞም ደቀይ ወዮ ደኣ እቲ ልምዲ ከይተርፍ እዩ ናባና ናብ ኣቦታትኩም ትውከሱ ዘለኹም እምበር ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ'ዚሲ ዝበን ኣብ ክሽነ ዘለዋ ኣንስትና እንተትውከሱ ክንደይ ኮን ምሓሸ።” ብምባል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቤተንን ሕብረተሰበንን ዘለወን ተራ ብዮገቡእ ኣንጸባረቐ።

ኣብ'ዚ እዋን ቁጠባዊ ኩነታትና ዝደረኾ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስራሕ ተዋፊረን እየን። ማዕረ ማዕረ እቲ ወፊረን ዝፍጽምኦ ንጥፈታት ኣብ ቤተን'ውን ተደራቢ ዕማማ እዩ ዘለወን። ኣብ መንጎ እዚ ክልተ ዓበይቲ ዕማማት ሚዛን ብምሕላው ድማ ሂወተን ይመርሓ። እተን ደሞዝ ናብ ዝኽፈሎ ስራሕ ዘይወፍራ ሰብ ሓዳር'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ገዛን ኣብ ኮምን ብዘዕበርኦ ኣበርክቶ ነቲ ሕብረተሰብ ኣብ ማሕበራውን ቁጠባን መዳይ ዘይሃስቕ ኣበርክቶ ይጻወታ። ስለዚ ኣደታትና፡ ኣንስትናን ኣሕዋትናን ኣብ ገዛ ዘለወን ተራ ዋጋ ክወጸሎ ዘለዎ እዩ። ከምቲ እዞም ኣቦ ዝበልዎ ድማ ግቡእ ኣፃር ምሕደራ ንምርዳእ ኣብ ገዛና ዘለዋ ኣደታት ምውካስ እቲ ዝቐለለ እዩ።




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቆልዑ |
| 10:10 | ድራማ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና( ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨናፍር ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ - ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## መኽፈቲ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ተሰጋጊሩ

ሰንበት 23 ሕዳር፡ ከም መኽፈቲ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል 2025/26 ክኸውን ተሓሲቡ ዝነበረ ናይ ዋንጫ ጸወታ 'ሱፐር ካፕ' ናብ 7 ታሕሳስ ተሰጋጊሩ።

ኣብዚ ናይ ዋንጫ ጸወታ፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ኢንሹራንስ ምስ ደንደን፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ደንደን ክገጥምዮም።

ብዘይካዚ፡ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዝሓለፈ 8 ሕዳር ኣብ ዝገበሮ ገባኤ፡ ቀደማ ሕጂ 'ሱፐር ዲቪዥን ኤ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ናይ ክልተኡ ናይ ቀዳማይ ዲቪዥን ውድድር፡ 'ሊግ ዞባ ማእከል' ተባሂሉ ክጽዋዕ ምውሳኑ ህዝባዊ ርክብ ናይቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2025 ይቕጽል

### ኤርትራ፡ ኣብ ውድድር ሕውስዋስ ምቅብባል ራብዓይ ተርታ ሒዛ

ሓሙስ 20 ሕዳር ዝፈለመ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ንኻልኣይ መዓልቱ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ውድድር ሕውስዋስ ምቅብባልን ናይ ጁኒየር ደቂ-ኣንስትዮ ውድድራትን ኣሰላሲሉ።

ኣብ ውድድር ሕውስዋስ ምቅብባል፡ ብኽልተኡ ጾታ ዝተኻየደ ውድድር ኮይኑ፡ ኣብ ድያኒ ቢች ፈለሙ ኣብኡ ዝዛዘም ናይ 28 ኪሎ ሜትር ውድድር፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ንስታፍ ፍስሃየ፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ መርሃዊ ቅዱሱ፡ ሄብሮን ብርሃኑ፡ መዋእል ግርማይን ኣድያም ዳዊትን ኣሰሊፋ ኣብ ዘካየደቶ ውድድር፡ ብደረጃ ሃገር ራብዓይ ተርታ ሒዛ። ሃገራዊት ጋንታ ማውሪሸስ ብ35 ደቒቕን 24 ካልኢትን ቀዳማይ ደረጃ ክትሕዝ ከሎ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ድማ ሓደ ደቒቕን 58 ካልኢትን ካብ ዕውትቲ ድሕሪት ኣትያ። ሃገራዊት ጋንታ ርዋንዳን ኣልጀርያን ድማ ናይ ካልኣይን ሳልሳይን ተርታ ሒዘን።

ኣብ ናይ ጁኒየር ደቂ-ኣንስትዮ ውድድር፡ 64.5 ኪሎ ሜትር ዝሸፈነ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ ኢትዮጵያዊት ጸገ ካሕሳይ 2 ሰዓት፡ 2 ደቒቕን 58 ካልኢትን ብምዝዋር ቀዳመይቲ ብምዃን ተዓዊታ፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ርዋንዳዊት ኾን ማዘንጋን ኢትዮጵያዊት ቅሳነት ጉብረስላሰን ካልኣይትን ሳልሳይትን ኮይነን። ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣርሴማ ዓንደጽዮንን ርዚና ብርሃነን ድማ ብተመሳሳሊ ግዜ ብቐደም ተኸተል ሻዱሻይቲን ሻብዓይቲን ብምዃን ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ክኣትዋ ከለዋ፡ ሰዶና ሃብቶም ሸዱሸተ ካልኢት ድሕሪ መበል 15፣ ኣድያም ተስፉ ድማ 24 ካልኢት ድሕሪ መበል 18 ብምዃን ኣትያ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

በርንሊ - ቸልሲ 3:30 ድ.ቀ.
ሊቨርፑል - ኖቲንግሃም 6:00 ድ.ቀ.
ቦርንማውዝ - ዌስትሃም 6:00 ድ.ቀ.
ዎልቭስ - ክሪስታል ፓላስ 6:00 ድ.ቀ.
ብራይተን - ብረንትፎርድ 6:00 ድ.ቀ.
ፋልሃም - ሳንደርላንድ 6:00 ድ.ቀ.
ኒውካስል - ማንሲቲ 8:30 ድ.ቀ.

**ላሊጋ**

ኣላቨስ - ሰልታ ቪጎ 4:00 ድ.ቀ.
ባርሴሎና - ኣትሌቲኮ በልባኦ 6:00 ድ.ቀ.
ኦሳሱና - ርያል ሶሲዳድ 8:30 ድ.ቀ.

**ሰንበት**

**ፕሪመር ሊግ**

ሊድስ ዩናይትድ - ኣስቶንቪላ 5:00 ድ.ቀ.
ኣርሰናል - ቶተንሃም 7:30 ድ.ቀ.

**ላሊጋ**

ርያል ቤትስ - ጂሮና 6:15 ድ.ቀ.
ጌታፈ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 8:30 ድ.ቀ.
ኣልቼ - ርያል ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ.

**ሰኑይ**

**ፕሪመር ሊግ**

ማንዩናይትድ - ኤቨርተን 11:00 ድ.ቀ.

## ጨ/ሚ/ት/ ንኡስ ዞባ ሰ/ምዕራብ ውድድር ኣትለቲክስ ኣካይዱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ውድድር ናይ ሜዳ ተግባር (Field events) ኣካይዱ።

ኣብ ውድድር ዳርባ ጭማራ ማእከላይ ደረጃ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቀዳመይቲ ማርታ ተማሰገን ካብ ቤ/ት ዓዲ ንፋስ፡ ካልኣይቲ ፍናን ግርማይ ካብ ቤ/ት ባሕቲ-ማስከረም፡ ሳልሰይቲ ኑዳ ማሕሙድ ካብ ቤ/ት ዲያእ ብምዃን ተዓዊተን። ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሱራፍኤል ኣብርሃም ካብ ቤ/ት ዓዲ ንፋስ፡ ንሶማኤል ኪዳ ካብ ቤ/ት ባሕቲ-ማስከረምን መሴ ሓደሽ ካብ ቤ/ት ዓዲ ንፋስን ኣኸቲሉ ተዓዊቶም።

ኣብ ውድድር ዳርባ ዲስኮስ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሜላዝር ኪዳ ካብ ቤ/ት ዲያእ ክትዕወት ከላ፡ ሓበን መሴ ካብ ቤ/ት ባ/ማስከረምን ናዳ ማሕሙድ ካብ ቤ/ት ዲያእን ድማ ካልኣይትን ሳልሰይትን ኮይነን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ የሪም ብስራት ካብ ቤ/ት ባሕቲ-ማስከረም፡ ተማሰገን ማሕሙድ ካብ ቤ/ት ዓዲ ንፋስ፡ ሄሮን ሄኖክ ካብ ቤ/ት ፍትሒ ብምዃን ናብ ፖድየም ደይቦም።

ኣብ ውድድር ዳርባ ዓረር ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሪም ረዘነ ካብ ቤ/ት ዓዲ ንፋስ፡ ኢልዳና ፊልሞን ካብ ቤ/ት ዲያእ፡ ሓበን ሃይለ ካብ ቤ/ት እምባጠቓራ ቀዳሞት ሰለስተ ኮይነን። ኣብ ተመሳሳሊ ውድድር ዳርባ ዓረር ደቂ-ተባዕትዮ፡ የናታን መድሕን ካብ ቤ/ት ባሕቲ-ማስከረም፡ ኖህ ኣሚን ካብ ቤ/ት ፍትሒ፡ ኣሕመድ ዳውድ ካብ ቤ/ት ዲያእ ዕውታት ኮይኖም።

ኣብ ውድድር መንጠር ፍትሐ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሜላዝር ጸጋይ ካብ ቤ/ት ሰሜናዊት ኣስመራ፡ ኢለም ተኽላይ ካብ ቤ/ት ማዕርነት፡ ኢለም ክፍሎም ካብ ቤ/ት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብዓወት ዛዚመን።

ኣብ ውድድር ተወሰኽ ብደረጃ መጥኣታ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ቤ/ት ሰሜናዊት ኣስመራ ቀዳመይቲ፡ ቤ/ት ምሪራ ካልኣይቲ፡ ቤ/ት ሰምረት ኣኽርያ ድማ ሳልሰይቲ ብምዃን ከምዝተዓወታ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

## ኣከፋፋሊ ማንሲቲ ነበር ፈርናንዲንዮ ጥሮታ ወጺኡ



ሓሙሽተ ግዜ ምስ ማንሲቲ ብምዃን ጽዋእ ፕሪመርሊግ ዘልዓለ ብራዚላዊ ኣከፋፋሊ ፈርናንዲኞ፡ ካብ ፕሮፈሽን ኩዕሶ እግሪ ብወግዒ ጡረታ ወጺኡ።

እዚ ወዲ 40 ዓመት ተጻዋታይ፡ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2024 ምስታ ሞያኡ ዝጀመረላ ኣትሌቲኮ ፓራናኤንስ ድሕሪ ምጽዋቱ፡ ኣብ ኣሬና ዳ ባይክሳዳ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ስንብታ ናይ ግብረሰናይ ግጥም ብምስታፍ ዛዚሙ።

ፈርናንዲኞ፡ ዩክሬናዊት ሊግ ሻክታር ዶኔትስክ ሸዱሸተ ዋንጫ ሊግን ከተልዕልን፡ ኣብ 2009 ዋንጫ ናይ ሕጂ ሊግ ኤውሮፓ ኣብ ክትዕትርን ገሊሑ ተራ ድሕሪ ምብርካቱ ናብ ሲቲ ክሲጋገር ክኢሉ።

ብዘይካዚ ኣብ ማንሲቲ ዝረኸበን ሓሙሽተ ናይ ሊግ ዋናጩ ዋንጫ ኢ.ኤፍ.ኤል እውን ሸዱሸተ ግዜ ኣልዒሉ'ዩ።

ፈርናንዲኞ ኣብ መኣርፅ ተሰሊፉ ማንሲቲ ብደረጃ ብዙሒ ምስላፍ ኣብ ሻሙናይ ተርታ ብምስራዕ (ብ264 ግዜ)፡ ኣብ ኩሉ'ቲ ዝተኻየደ ጸወታታት 20 ሸቶታት ከመዝግብ ከሎ 19 ድማ ሸቶ ዝኾና ኩዓሶ ቀሪቡ ገይሩ፡ ንሸቶ ዝኾና ኩዓሶ ብምሽማው ድማ ኣብ ሓሙሻይ ተርታ ተሰሪዑ (ብ380 ግዜ)።

ኣብ ኮፓ ኣመሪካ 2019 ምስ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ብምስላፍ ድማ ብሩር መዳልያ ኣንጠልጢሉ።

ኣብ መዛዘሚ ዋንጫ ዓለም ኣብ 10 ጸወታታት እኳ እንተተሳተፈ፡ ሓንሳብ ጥራዩ ሸቶ ኣመዝጊቡ።

ድሕሪቲ ናይ ግብረሰናይ ጸወታ ፈርናንዲኞ፡ "ን30 ደቓይቕ ጥራ ደኺመ፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ኩሉ ክስተማቕሮ ዝኽእል ዝበርኩ ኣስተማቒረዮ'የ። ሕጂ ግን ግዜይ ምስ ስድራ-ቤተይ ዘስተማቕረሉ እዋን'ዩ።" ኢሉ።

## "ጋብሪኤል ንሰሙናት ካብ ጸወታ ክእለ'ዩ" ኣርቴታ



ኣርሰናል ጽባሕ ሰንበት ምስ ቶተንሃም ንእትካየዶ ግጥም ኣመልኪቱ ኣሰልጣኒ ኣርቴታ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ጋቢ ካብ ጸወታ ንሰሙናት ክበኵር'ዩ። ዘሐጉስ ዜና ኣይኮነን ንዓይ። ምኽንያቱ መራሒ ናይቲ ዳሕረዋይ መስመር ምክልኻልና'ዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ካልእ ምርጫ ኣለና" ኢሉ።

ብራዚላዊ ተኸላኻላይ ኣርሰናል ጋብሪኤል ማጋልሃይስ ኣብ ግጥማት ሃገራዊ ጋንታ ኣብ ሰለፉ ድሕሪ ዘጋጠሞ ማህሰይቲ ንሰሙናት ከምዘይጻወት ዓላሚኡ ሚካኤል ኣርቴታ ሓቢሩ።

እዚ ተኸላኻላይ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ብራዚል ኣብ ስታድዩም ኤመሬትስ ምስ ሴኔጋል ኣብ ዘካየድዎ ምሕዝነታዊ ጸወታ፡ ሰንከልከል ክብል ተራእዩ። ድሕሪ'ዚ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ዝተኻየደ ብማዕሪ ውጽኢት ዝተዛዘመ ግጥም ምስ ቱኒዝያ ድማ በኺሩ።

እዚ ብ23.1 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊለ ኣብ 2020 ናብ ኣርሰናል ዝኾዐዘ ኣከፋፋሊ፡ ኣብዚ ዓመት ጸወታ ዛጊት ኣብ ዝተኻየዳ 11 ግጥማት ፕሪመርሊግ ተሳቲፉ'ዩ።

ብተወሳኺ ሸወደናዊ ቪክቶር ግዮከረዝ'ውን ብሰንኪ ማህሰይቲ ጭዋዳ ንዝይተወሰነ እዋን ካብ ጸወታ ተኣልዩ ኣሎ።

## ፓልመር መጉዳእቲ እግሪ ኣጋጢሙዎ

እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ኩል ፓልመር ተወሳኺ ማህረምቲ ዓባይ-ዓባይቶ እግሪ ስለ ዘጋጠሞ፡ ካብቲ ቸልሲ ምስ ባርሴሎናን ኣርሰናልን እተካይዶ ግጥማት ክበኵር እዩ።

ፓልመር፡ ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ ዝበዝሐ ግዜኡ ኣብ መቐየሪ መንበር'ዩ የሕሊፍዎ።

ኣብ ወርሒ ነሓሰ ናይ ጭዋዳታት-ሰለፍ መጉዳእቲ ስለ ዘጋጠሞ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ምስ ተመልሰ'ዩ ማህሰይቱ ክብእስ ተራእዩ።

ኤንዞ ማሬስካ ከም ዝሓበሮ፡ እቲ እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ፡ ድሕሪ'ዚ ዝቐጽል ዘሎ ኣህጉራዊ ዕረፍቲ፡ ናብ ጸወታ ክምለስ ተስፋ ገይሩ እኳ እንተነበረ፡ ተወሳኺ ማህረምቲ ስለ ዘጋጠሞ ግን ከምዝይሰለፍ ሓቢሩ።

ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኤንዞ ማሬስካ፡ "ንሎሚ ብርግጽ ኣይክሰለፍን'ዩ። ኣብ ዝስዕብ ግጥም ምስ ባርሴሎናን ኣርሰናልን እውን ብተመሳሳሊ። እቲ ዘሕዝን ኣብ ግዜኡ ብዘጋጠሞ ሓደጋ ኣጻብዕቲ እዩ ተሃሲዩ።" ኢሉ።

ቸልሲ ዝመጽእ ሰሉስ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ባርሴሎና ክትገጥም ከላ፡ 30 ሕዳር ድማ ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ ንመራሒት ፕሪመርሊግ ዝኾነት ኣርሰናል ክተአንግዳ እያ።

ማሬስካ፡ ንጉዳይ ማህረምቲ ፓልመር ብዝምልከት፡ "ብዙሕ ግዜ ናብ ሸቓቕ ክኸይድ ከሎ'ኹ፡ ይሰንቀፍ'ዩ። ስለዚ'ስ እዚ ተጻዋታይ'ውን ከምኡ'ዩ ኣጋጢሙዎ ዘሎ። ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ኣጻብዕቱ ብልክዕ ተሃሲዩ እዩ። ዛጊት መዓስ ከም ዝምለስ ንፈልጦ ነገር የብልናን። ምስ ጋንታኡ ግን ጥቡቕ ቅርበት'ዩ ዘለዎ።" ክብል ተዛሪቡ።



# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## እስራኤል፡ ታሪኻዊ ቦታ ምዕራባዊ ገማግም ትምንዝዕ



እስራኤል ኀቢጣቶ ኣብ እትርከብ መሬት ምዕራባዊ ገማግም ዝርከብ ኣብ ግዜ ሮማውያን ዝተሃንጸ ታሪኻዊ ቦታ ክትምንዝዕ መደብ ከም ዘለዋ፡ ሲቪላዊ ምምሕዳር ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

'ሃረዝ' ዝተባህለት ጋዜጣ እስራኤል ብወገና ኣብ ዘሰፈረቶ ጸብጻብ፡ እቲ ዕላማ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ናይቲ ዝተኀበጠ ዞባ ዝርከብ ብውልቂ ዝውነን መሬት ብምህጋር ኑቲ ኣብ ሰባስቲያ ዝተባህለት ቁሸት ዝርከብ ስነ-ጥንታዊ ቦታ ንምምዕባል ምዃኑ ገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ዝኾኑ ፍልስጤማውያን ኣብ'ቲ ውሳነ ዘለዎም ተቓውሞ ከቕርቡ 14 መዓልታት ጥራይ ከም ዝተዋህቦም፡ እታ ጋዜጣ ወሲኻ ሓቢራ።

እቲ ብ12 ሕዳር ዝወጸ ትእዛዝ መንግስቲ እስራኤል፡ ኣብ ከባቢ ሰባስቲያ ክሕዞ ወጢኑ ዘሎ ቃጽያታት ዝዝርዝር ምዃኑ'ውን፡ እታ ጋዜጣ ኣብሪሃ።

እስራኤል፡ ኣብ 2023 ኑቲ ቦታ ናብ መስሕብ በጻሕቲ ንምምዕባል መደብ ከም ዘለዋ ኣፍሊጣ ምንባራ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ድሮ ንጥፈታት ኩዕታ ተጀሚሩ ከም ዘሎ ኣረዲኦም።

ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ እስራኤል ኑቲ መደብ ንምስላጥ ልዕሊ 30 ሚልዮን ሸከል (9.24 ሚልዮን ዶላር) ከም ዝመደበ 'ፒስ ናው' ዝተባህለ ጉጅለ ተጣባቒ መሰላት ሓቢሩ።

ቅድሚ ሕጂ ብእስራኤል ዝተጉበጠ ዝዓበየ ታሪኻዊ መሬት ፍልስጤም ኣብ ደቡባዊ ክፋል ምዕራባዊ ገማግም ኣብ እትርከብ ቁሸት ሱሲያ ኮይኑ፡ 70 ኤከር ከም ዝነበረ ይሕበር።

## ሩስያን ቶጎን፡ ዳግማይ ኤምባሲታተን ይኸፍታ

ሩሲያን ቶጎን ኣብ 2026 ኣብ ክልቲኤን ሃገራት ሓድሕድ ኤምባሲታት ክኸፍታ ከም ዝተሰማምዓ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ፑቲን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክረምሊን ምስ ፕረዚደንት ቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ቶጎ ፋውረ ግናሲንግቤ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ክልቲኤን ሃገራት ን65 ዓመት ዝጸንሐ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት እኳ እንተ ሃለወን፡ ንዳርተታት ዓመታት ዝኣክል ግን ብዘይ ቀዋሚ ተልእኾ ከም ዝሰርሓ ኣመልኪቱ።

ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ወግዓዊ ወቕልና እኳ እንተዘይጸንሐ፡ ንጉዳውን ቁጠባውን ርክባት ግን ብወሰን ደረጃታት ክዕየድ ምጽንሑ ኣብሪሁ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ ኤምባሲታት ክልቲኤን ሃገራት ዳግማይ ምኽፋቱ ምትሕብባርን ንምስፋሕን ሓያሉ መዳያት ሽርክነት ኣብ ምምዕባልን ክሕግዛ ተስፋ ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ኤምባሲ ሩሲያ ኣብ ቶጎ ካብ 1992 ኣትሒዙ እዩ ተዓጽዩ ጸኒሑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ስኒ ድማ መንግስቲ ሩሲያ ዳግማይ ክኽፈት ኣዚዙ።

ሩሲያ፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ዲፕሎማስያዊ ህላወኣ ኣብ እተስፍሓሉ ዘላ እዋን እያ፡ ኣብ ቶጎ ዝነበረ ኤምባሲኣ ዳግማይ ክኽፈት ኣዚዛ ዘላ።

ሩሲያ፡ ኣብ 2024 ኣብ ቡርኪናፋሶን ኢኳቶርያል ጊኒን ኤምባሲ ከም ዝኸፈተትን ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ናይጀርያን ሴራሊዮንን ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ክትጀምር ምዃና ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ሰሙን'ዚ ኣፍሊጡ።



## ናይጀርያ - ጭውያ ተመሃሮ ይቕጽል

ኣብ ማእከላይ ክፋል ናይጀርያ ኣብ እትርከብ ካቶሊካዊት ቤት ትምህርቲ ዕጡቓት ሓይልታት ብዘፈጸምዎ መጥቃዕቲ ሓያሎ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ከም እተጨውዩ፡ ሰብ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ገሊጾም።

እዚ ሓዲሽ ጭውያ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን 25 ደቂ ኣንስትዮ ተመሃሮ ድሕሪ ምጭዋየን ሰሙን ኣብ ዘይመልእ ግዜ እዩ ተፈጺሙ።

እቲ መጥቃዕትን ጭውያታትን ማሕበረ ሰብ ፓፒረ ኣብ ዝነበረሉ ግዝኣት ኒጀር ከም እተፈጸመ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ግዝኣት፡ ብዝሒ ዝተጨወዩ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣይገለጸን።

ይኹን'ምበር፡ ብመሰረት ጸብጻብ 'ኣራይዝ' ዝተባህለት ቴለቪዥን ናይ'ታ ሃገር፡ ኣስታት 52 ተመሃሮ ተጨውዮም ኣለዉ።

ፖሊስ ዞባ ኒጀር፡ እቲ ጭውያታት ዝሓለፈ ዓርቢ ወጋሕታ ከም እተፈጸመን ካብ ሽዑ ጀሚሩ ድማ ወተሃደራውን ጸጥታውን ሓይልታት ናብቲ ከባቢ ተዋፊሮም ከም ዘለዉን ገሊጹ።

ኑቲ ኣብ ዞባታት ኒጀርን ኣቕዲሙ ድማ ኣብ ከቢን ዝተፈጸመ ጭውያ ተመሃሮ፡ ዛጊት ሓላፍነት ዝወሰደሉ ኣካል የለን።

ሰብ ስልጣን ናይጀርያ ብሰንኪ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ስግኣት ጸጥታ ኩለን ኣሕዳሪ ኣብያተ ትምህርቲ ንግዚኡ ክዕጸዋ ትእዛዝ ኣመሓላሊፎም ምንባሮም ይዝከር።



## ቬትናም - ብሰንኪ ዕልቕልቕ ብውሕዱ 41 ሰባት ሞይቶም

ካብ መወዳእታ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሩ ኣብ ማእከላይ ቬትናም ብዘዝርም ዘሎ ዝናብን ንሱ ዘስዓቦ ዕልቕልቕን ብውሕዱ 41 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ጉ ትሽዓተ ሰባት ድማ ደዪኖም ጠፊኦም ከምዝኾኑ፡ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ሓቢረን።

በቲ ዕልቕልቕ ልዕሊ 52 ሽሕ ኣባይቲ ክዓኑ እንከለዉ፡ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ኣባይቲን ትካላትን ንግድን ድማ ብዘይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ዝተረፈ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቝጸሩ ነበርቲ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ካብ መንበሪ ኣባይቶም ተመዛቢሎም ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ብጸንከር ኩነታት ኣየር ክትጥቃዕ ዝጸንሐት ቬትናም፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ድማ ብህቦብላታት ካልማኤጊን ቡኣሎይን ሰብውን ንዋታውን ዕንወት ከም ዝወረዳ ይዝከር።

ኣብ ቬትናም፡ ኣብ መንጎ ወርሒ ጥሪን ጥቅምትን ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ዘጋጠመ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት 2 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ዕንወት ከም ዘውረደ፡ ጸብጻባት መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር የመልክቱ።



## ፓኪስታን - ኣብ ፋብሪካ ብዘጋጠመ ነትጒ ዕንወት ወሪዱ

ኣብ ፓኪስታን ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ሓደ ፋብሪካ መፍረ ኮላ ብዘጋጠመ ነትጒ፡ 16 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ 7 ካልኦት ድማ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

በቲ ሓደጋ፡ እቲ ፋብሪካ ምሉእ ብምሉእ ክፀኑ እንከሎ፡ ኣብ ጥቓኡ ዝርከብ ገለ መንበሪ ኣባይቲታት ድማ ከም እተቓጸለ ተገሊጹ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ፡ ኣብ ውሽጢ መኽዘን ከምዝኾነ ናይቲ ፋብሪካ ብዘጋጠመ ላሕኩ ጋዝ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ዛጊት ተኻይዶም ዘለዉ ኣፈናዊ መርመራታት ሓቢሮም።

ድሕሪ'ቲ ሓደጋ ኣካያዲ ናይ'ቲ ፋብሪካ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክኣቱ እንከሎ፡ ዋና ናይ'ቲ ፋብሪካ ድማ ድሕሪ'ቲ ፍጻመ ንዊሕ ከይጸንሐ ሃዲሙ።

ኣብ 2024፡ ኣብ ፓኪስታን ኣብ ዝርከብ ፋብሪካ ዓለባ ብዘጋጠመ ነትጒ ሓያሎ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ድማ ኣብ ካራቺ ኣብ ዝርከብ ፋብሪካ ርችት ብዝተፈጸመ ፍንጃራ ኣርባዕተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 11 ድማ ከም ዝቖሰሉ ይዝከር።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 22/11/25 | ጎደና 195፡6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም ጎኒ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565